# ማሕበር-7

# ERITREAN LIBERAL MOVEMENT

© *ማሕበር-7, (2021)*

| | |
|---|---|
| መእተዊ | 4 |
| ስለምንታይ ማሕበር ሸውዓተ-7- | 6 |
| ታሪኽ ማሕበር ሸውዓተ-7- | 8 |
| ንሕና መን ኢና፧ | 13 |
| መትከላት ማሕበር ሸውዓተ-7- | 16 |
| ራኢ ማሕበር-7 | 17 |
| ቶልእኾና | 18 |
| ሃገራዊ ኣርማ | 19 |
| ውዱባዊ ኣርማና | 20 |
| ሃገራዊ ባንደራ | 21 |
| ውድባዊ ባንዴራና | 22 |
| ሃገራዊ ባህላዊ መንነት | 25 |
| ህንጸት ሃገር | 26 |
| ሃገራዊ ቋንቋ | 28 |
| ሃገራዊ ታሪኽ | 32 |
| ህንጸት-መንግስቲ | 37 |
| መንግስታዊ መዋቕር | 40 |
| ወረዳዊ  መንግስቲ | 42 |
| ዞባዊ መንግስቲ | 43 |
| ሃገራዊ መንግስቲ | 46 |
| ሀ. ሓጋጊ ኣካል-ሃገራዊ ባይቶ- | 47 |
| ለ. ፈራዲ ኣካል | 48 |
| ሐ. ፈጻሚ ኣካል | 49 |

ሃገራዊ ሰራዊት 51

ክፍልታት ሃገራዊ ሰራዊት 53

ሃገራዊ ኣገልግሎት 54

መደቤኛ ሃገራዊ ሰራዊት 55

ኢ'መደበኛ ሃገራዊ ሰራዊት 55

ግፋ -ሃገራዊ ሽበራ- 56

ናይ መሬት ፖሊሲ 57

ኣጠቓቕማ መሬት 58

ሀ.መሬት ዓድታት 58

ለ.መሬት ዶሚናለ 59

ምዕቃብ መሬት 60

ሀ.ማይን ሓመድን 60

ለ. ማዕድናት 61

ቁጠባዊ ፖሊሲ 62

ህሉው ቁጠባዊ ኩነታት ኤርትራ 62

ቁጠባዊ ዕላማታት ማሕበር-7 63

ማይን ጽዓትን 66

ትምህርቲ 69

ጥዕና 70

ስነ-ኪነት 71

ትሕተ-ቅርጺ 72

ርእሲ-ከተማ 73

መራኸቢታት 74

መንገዲ ባቡር 75

ጽርግያታትን ኣገልግሎት ቡስጣን 75
መዓርፎ ነፈርቲ 76
ወደባት 76
ኢንዱስትሪ 77
ሕርሻ 79
መርሓ ጎደና ዓቢ-ስእሊ ቁጠባ ኤርትራ 80
ወፍሪ 82
ገንዘባዊ ፖሊሲ 82
ፋይናንሳዊ ፖሊሲ 83
ንግዳዊ ፖሊሲ 84
ወጻኢ ፖሊሲ 86
ሀ. ሃገራዊ ጸጥታ 87
ዘቤታዊ ሃገራዊ ጸጥታ፥ 87
ትግራይ ብኸመይ እያ፣ ኣካል ኤርትራ ትኸውን፧ 88
ዞባዊ ጸጥታዊ ሽግር ኤርትራ፥ 89
ሚግረሽን 89
ዜግነት 90
ለ. ዕዳጋ 91
ሐ. ምድረ'በዳነት 91
ምንጪ 92

## መእተዊ

ማሕበር-7 እንተ ተላዒላ፡ እቲ ቀላጽሙን ደናግኡን ደንደላ ዝመስል ትኩእ ይሕደጎ ኢዩ፣ ቅጅል ዝብለካ። ኣብ እዋኑ፡ ብናይ ፖለቲካ መዛናኡ ዝምለኽ ዝነበረ ሓርበኛ መራሒ ትኩእ ይሕደጎ፣ ብባህሪኡ ንደቂ-ሓረስቶትን ድኻታት ከተመኛታትን ዝውክል ኮይኑ ንረኽቦ።[1] ትኩእ ይሕደጎ፡ ናይ ብሄረ-ትግራይ ሃገራዊ እዩ፣ ዝነበረ። ኣብ'ታ ብ1971 ዝጸሓፋ ደብዳቤ-"ገድሊ ኤርትራ መዓስ ተጀመረ፤ ብመን'ከ፤"- ከም ዘመልክቶ፡ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ--ብሄረ ትግራይ- ክንዮ 1940ታት ሙኺኑ፤ እድሪስ ዓዋተ ዝበሃል ሽፍታ ዝጀመሮ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ወይ ትግራይ ከምዘይለ፣ ምስ ኢስላማውያን ዓረባውያን ኮይንካ ቃልሲ ከም ዘይዕወትን የነጽር።[2] ማሕበር-7 እንተ'ኾነ ውን፡ ኣብ መወደእታ 1950ታት ዝጀመረ ዘይኮነስ፣ ኣብ ዓዲ-ቐይሕ ብለካቲት 1947 ዝተመስረተ፡ ሰብዓን ሓሙሽተን ዓመት ዕድመ ዘለዎ፡ ሃገራዊ ፖሎቶካዊ ምንቅስቓ እዩ።

---

[1] ተክኤ በየነ፡ 2009 ካብ ሪቐ-ሕፍንቲ ገጽ-3
[2] Emnetu Tesfay፡ 2017 **Biography of Tukue Yehdego**

ኣብ'ቲ መጀመርያ ዕላማ ማሕበር ሸውዓተ ሓድነት፡ ናጽነትን ዲሞክራስን ኢዩ፣ ዝነበረ። ይኹን እምበር፣ ኣብ መንጎ ኣስላምን ኤርትራውያንን–ተጋሩን– ሓድነት ክግበር ከምዘይከኣል፡ ከማ'ኡ ውን ኣስላማይ ንሕጊ–እንዳ'ባ፡ ንባይትኣዊ ዲሞክራሲ፡ ክቃለስ ከም ዘይክእል፣ ተመክሮ ማሕበር ሸውዓተ ዓቢ መረጋገጺ ኢዩ። ብዙሓት ላህመት–elite– ኤርትራውያን፡ ንማሕበር ሸውዓተ ምስ ሓራካ ሓደ ምንቅስቓስ ከም ዝነበረ ገይሮም ክገልጽዎ ይፍትኑ እዮም። ይኹን እምበር፡ እቲ ሓቂ ግን ብኣንጻሩ ኢዩ። ሓራካ ኣብ 1965 ብጀብሃ ኣብ ዒላ–ጻዕዳ ምስ ተደምሰሰት፣ ታሪኽ ሓራካ ኣብ'ኡ ኣብቂዑ። ማሕበር ሸውዓተ ግን ቀጺሉ፡ መርበብ ሓፋሽ ወድባትን ፌዳይንን ካብ ኣስመራ ክሳብ ኣዲስ–ኣባባ ኣስፊሑ፡ ማሕበር ተማሃሮ ኣብ ሰሜን ኣመሪካ መስሪቱ፡ ኣብ ማእከላይ ምብራቕን ኤውሮጳን ጨንፈራት ብምፍጣር ውዳቢኡ ኣሐይሉ፤ ብድሪኺት ናይ መራሕቱ መዋእቲ ድማ ሰልፊ ናጽነት –ህዝባዊ ሓይልታት– ብኣርሃም ተወልደ ክምስረት ኣኽኢሉ፡ ሉኡላውነት ሃገረ ኤርትራ ድማ ኣረጋጊጹ። ድሕሪ ምርግጋጽ ሉኡላውነት እንተኾነ'ውን ዘገም ክብል ድሕሪ ምጽናሕ፡ እነህለ ተሓዲሱ “ንሃገራዊ ክብረት” ይቃለስ።

ማሕበር ሸውዓተ፡ ሓደ ንሹዱሽተ ኣወዳድባ ዝኸተል፣ ኣዝዩ ምስጢራዊ ምንቅስቓስ ኢዩ፣ ዝነበረን ዘሎን። ከማ'ኡ ሰለዝኾነ ምስ'ቲ ኣብ ሱዳን ዝነበረ፣ ሓደ ዓይነት ኣወዳድባ ዝነበሮ ናይ ኣስላም ምስጢራዊ ምንቅስቓስ–ሓራካ– ብሓንሳብ ኣድማዒ ስራሕ ክሰርሕ ዘይክኣለ። ምኽንያቱ እቲ ስራሕ ኣዝዩ ምትእምማን ዝሓትት ስለዝነበረ። ክትተኣማመን ድማ ናይ ሓበር ታሪኽ፡ መንነት፡ ሃይማኖት፡ ስርዓት–ክብርታትን ዕላማን ክህልወካ ኣለዎ። ናይ ሓባር ጸላኢ ስለዘልካ ጥራይ ክትተኣማመን ኣይትኽእልን። ስለዝኾነ'ዩ ድማ ኩሎም ኣባላት ማሕበር ሸውዓተ ኤርትራውያን–ተጋሩ–፣ ኩሎም ኣባላት ሓራካ ድማ ኣስላም ክኾኑ ዝኸኣሉ። እዞም ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሮም ዘለዉ ኣባልት ማሕበር ሸውዓተ እንተ ሪኢናÍ ዋላ ሓደ ኣስላማይ ንፈውሲ ማሕላ የብሎምን።

1 ትኩእ ይሕደጎ

2 ኪዳነ ክፍሉ

3 ወልዳይ ግደይ

4 ተኪኤ በየነ

5 ወልደሪፍኤ ስብሃቱ

7 ወልደምካእል ኣብራሃ

8 ወልደክእል ገብረማርያም

9 ካሕሳይ –ወዲ'ልቢ–

10 ኤርምያስ ደበሳይ –ፓፓዮ–

11 በርሀ ማርያኖ

## ስለምንታይ ማሕበር ሸውዓተ-7-

ህዝቢ ኤርትራ–ትግራይ–፡ ከም ሃገር፡ መንነቱ ምስ ሸውዓተ ኣዝዩ ምትሕሓዝ ኣለዎ። ንኣብነት፡ ኣብ ቁጠባ፡ ሕክምና፡ ፍልስፍና፡ ቋንቋ፡ ሃይማኖትን ስርዓተ–መውስቦን ብሄረ–ትግራይ፡ ሸውዓተ ኣዝዩ ወሳኒ ትርጉም ኣለዋ፡ ጥራይ ዘይኮነ፣ ሸውዓተ፡ ከም ምንጪ ማሕበራዊ ምትእምማንን ሰረት ቁጽሪን'ያ እትቑጸር። እዚ ማለት፡ ሃገራዊ መንነት ህዝቢ ትግራይ ብሸውዓተ ክግለጽ ይከኣል'ዩ፣ ማለት እዩ። መዓስ እዚ ጥራይ፡ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንልላውነት'ውን ብመስዋእትን መሪሕነትን ማሕበር ሸውዓተ እዩ፣ ክዕወት ዝኸኣለ። እቲ ቀንድን ዋናን ድማ፡ ሸውዓቲኡ ዕላማታት ማሕበር–7 ይወራረስ ሙኻኑ እዩ። ኩሎም መራሕቲ ማሕበር ሸውዓተ ምስ ሓርበኛታት ኣቦሓጎታት ብሄረ ትግራይ–ራእሲ ተሰማ ኣስመሮምን ወልድኣብ ወልደማርያምን– ሓያል ምትእስሳርን ናይ ዕላማ ምውርራስን ነይርዎም። ሕጂ ድማ እዚ ሓድሽ ወለዶ፡ ናይ ኣቦታቱን ኣቦ'ሓጎታቱን –ትኩእ ይሕደግ፡ ኪዳነ ኩፍሉ፡ ወልድኣብ ወልደማርያምን ራእሲ ተሰማ ኣስመሮምን– ዕላማ ወሪሱ፣ ንብሄራዊ ክብሩ ኣብ ምቅላስ ይርከብ።

ኣብ ታሪኽ ማሕበር ሸውዓተ ምስጢራውነትን ምትእምማንን ምንጪ ዓወት ኢዩም። ሕጂ እንተ'ኾነ ውን ንሱ እዩ ክቕጽል። ንኣሸባሪ ጉጅለ ህ.ግ.ደ.ፍ ንምእላይ፡ ሓያል ምስጢራዊ ውዳቤታት ኣብ ውሽጢ ሃገር ብምፍጣር'ያ ማሕበር-7፡ ከም ዝሓለፉ ስርዓታት ክትስዕሮን ከተምበርክኾን። ኣብ ደገ ዝግበር ናይ ማሕበር-7 ውዳቤታት፣ ግን ግልጽን ተሓታትነት ዘለዎን ክኸውን እዩ።

## ታሪኽ ማሕበር ሸውዓተ-7-

ማሕበር ሸውዓተ-7- ኣብ መወዳእታ 1950ታት ዝተፈጥረ ብርቂ ምንቅስቓስ ኣይኮነን። ማሕበር ሸውዓተ-7- መቐጸልታ ኤርትራ ንኤርትራውያን*(Liberal Progressive party)* እዩ። ከም ዝፍለጥ፡ ድሕሪ መስዋእቲ ንጉሰ ነገስት ዮውሃንስ 4ይ፣ ብሄረ-ትግራይ ኣብ ክልተ ተኸፊሉ፣ ብዘይ መራሒ ዝተረፈሉ ኣጋጣሚ ተፈጢሩ ነይሩ እዩ። ከም ውጽኢቱ፡ ካብ መረብ ንሰምየን ዝነበረ ንመግዛእቲ ጥልያን፣ ከም መረብ ንደቡብ ዝነበረ ድም ንመግዛእቲ ሸዋ ተቓሊዑ። ድሕሪ ሓምሳ ዓመታት ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ጥልያን ምጽናሕ፡ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ወተሃደራዊ ምሕደራ እንግሊዝ ኣተወት። ኣብ ግዜ ወተሃደራዊ ምሕደራ እንግሊዝ፡ "መጻኢ ዕድል ህዝቢ ኤርትራ እንታይ ይኹን፧" ዝብል ሕቶ፡ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ኣዛራቢ ኣርእስቲ ምስ ኮነ። ነዝን ካልእን ሕቶታት ንምምላስ፡ ብርክት ዝበላ ፖለቲካውያን ወድባት ተመስርተን ነይረን። ሓንቲ ካብ'አን ኤርትራ ንኤርትራውያን ነይራ።

ኤርትራ ንኤርትራውያን፡ ብለካቲት 1947 ኣብ ዓዲ-ቀይሕ ተምስርታ።[3] ቀንዲ ዕላማ ኤርትራ ንኤርትራውያን፡ ሃገረ መንግስቲ ብሄረ-ትግራይ ምትካል እዩ፣ ነይሩ።

> “The Liberal progressive party campaigned for the establishment of a Tigrean state (encompassing all Tigrinya speaking people in Eritrea and Ethiopia).” [4]

እዚ ክሳብ ዝኸውን ኤርትራን ትግራይን ንዓሰርተ ዓመታት ኣብ ትሕቲ እንግልዝ ክጸንሓ፣ ቀጺሉ ብናጽነት ብሄረ-ትግራይ(independence of a united Tigray) ክገሃድ፣ ኣበርቲዖም ይሰርሑ ነይሮም።(Tekeste Negash, 1997. p-46) ኮይኑ ግን፡ ኤርትራ ብፌደረሽን ምስ ኢትዮጵያ ተቛሪና። ራእሲ ተሰማ ኣስመሮም(1870-1961) ድማ ፌደረሽን ስለዘይተቐበልዎ ርእሶም ካብ ፖለቲካ ኣግሊሎም። ዕድመ ውን ደፊኦም ስለዝነበሩ፡ ከቛርጽዎ ግድን ነይሩ። ሓርበኛ ወልድኣብ ወልደማርያም(1905-1995) ግን ቃልሶም ቀጺሎም። ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዝገብርዎ ዝነበሩ ቃልሲ ኣዝዩ ፈታኒ ነይሩ። ከም ዝፍለጥ፡ ካብ 1947-1953 ሸውዓተ ግዜ ፈተነ ቅትለት ተኻይድሎም። ብድሕሪ እዚ ብ1955 ናብ ስደት ኣምሪሖም።

---

[3] Longrigg, Stephen. H. (1945): A short history of Eritrea. Oxford: Clarendon press
[4] Tekeste Negash, (1997.p-44): ***Eritrea and Ethiopian federal experience:*** ISBN 91-7106-406-0

ድሕሪ ስደት ሓርበኛ ወልደኣብ ወልደማርያም፡ ኣብ መወዳእታ 1950ታት ኤርትራ ንኤርትራውያን ብማሕበር ሸውዓተ–7– ተተኪአ። ትኩእ ይሕደጎ(1938–1971) ድማ፡ ዕላማ ኣቦታቱ ንምዕዋት ምስጢራዊ ውዳቤታት ብምፍጣር፡ ኣብ ኣስመራ ሰለማዊ ሰልፍታት ወዲቡን ኣንቂሑን። ተኪኤ በየነ ኣብ'ታ "ካብ ሪቕ–ሕፍንቲ" ዝሰመያ መጽሓፉ ከም ዝገለጾ፣ ትኩእ ይሕደጎ ብዝነበሮ ኣካልዊ ቁመናን ፖለቲካዊ ንቕሓትን ከም መራሒ ክረአን ክእመንን ኣኽኢሉዎ እዩ፣ ይብል።[5] ኣብ ዓይኒ ጸጥታዊ መዋቅር ኢትዮጵያ ክኣቱ ውን ግዜ ኣይወሰደን። ከም ውጽኢቱ፡ ኣብ ልዕሊ ትኩእን ካልኦት ኣባላት ማሕበር ሸውዓተን ማእሰርትን መግረፍትን በዝሐ። ከም'ኡ ውን፡ ኩሉ ትኩእ ኣብ ኣስመራ ዝገብሮ ምንቅስቓሳት ምክትታል በዝሖ። ኮይኑ ግን፡ ውዳቤታት ማሕበር ሸውዓተ ብበዓል ኪዳነ ክፍሉን(1941–1970) ሓርበኛ ወልደኣብ ወልደማርያምን እንዳ ተመርሐ ካብ እዋን ናብ እዋን ይጉልብት ነበረ። ወልደኣብ ወልደማርያም፡ ኣብ ካይሮ፡ ካብ 1959 ጀሚሩ ወኪልን መራሕን ማሕበር ሸውዓተ ኮይኑ ይሰርሕ ነይሩ።[6]

ቀጺሉ ማሕበር ሸውዓተ–7– መርበቡ ናብ ኣዲስ–ኣበባ ክዝርግሕ ነይርዎ። ኣብ ኣዲስ–ኣበባ፡ ኪዳነ ክፍሉ ቀንዲ ወዳብን መራሕን ማሕበር ሸውዓተ ነይሩ። ኪዳነ ኣብ ኣዲስ–ኣበባ ኮይኑ ደብዳቤታት ብምጽሓፍን ምስጢራውያን ዋህዮታት ብምፍጣርን ሓያል ጽልዋ ክፈጥር ኪኢሉ ነይሩ። ይኹን እምበር፡ ገለ ኣባላት ማሕበር ሸውዓተ–7– ብናይ ኢትዮጵያ ጸጥታ ስለዝተታሕዙ፣ ኪዳነ ካብ ኣዲስ–ኣበባ

---

[5] ተኪኤ በየነ, 2009 ካብ ሪቕ-ሕፍንቲ ገጽ-3
[6] Tom Killion, 1998 ***Historical Dictionary of Eritrea*** p-433

ናብ ሱዳን ክኸይድ ተግዲዱ።[7] ኣብ ከሰላ ሱዳን ኮይኑ ምስ ወልደኣብ ወልደማርያም እንዳ ተናበበ ክሰርሕ ድሕሪ ምጽናሕ ብመጋቢት 1970 ተሰዊኡ። ድሕሪ ሓደ ዓመት ድማ መዘንኡ ትኩእ ይሕደጎ ንሜዳ ክኣቱ ተሰዊኡ። ክልቲኦም ቀንዲ መራሕቲ ማሕበር ሸውዓተ ብሽርሒ 'ቂያድ-ኣል-ዓማ' ክጠፍኡ ተገይሩ።


ሓርበኛ ወልደኣብ ወልደማርያም፡ ኣብ ካይሮ ብኣስላም ኤርትራ ተንጽሎ ምስ ገጠሞ። ዝነበሮ መማረጺ ወኪልን መራሕን ማሕበር ሸውዓተ-7- ኮይንካ ምስራሕ እዩ(Emnetu Tesfay, 2015)። ከማ'ኡ ድማ ገበረ። ምስ ትኩእን ኪዳነን እንዳ ተናበበ ብዙሓት ስራሕቲ ሰሪሑ እዩ። ክልቲኦም ደቁን ምቃልስቱን ምስ ተሰውኡ ግን፣ ኩሉ ዕማም ኣብ እንግድዕኡ እዩ ወዲቑ። ይኹን እምበር፡ ኣብ'ቲ እዋን ዋህዮታት ማሕበር ሸውዓተ-7- ብበዓል ተክኤ በየነ እንዳ ተኣልያ፣ ኣብ ኣዲስ-ኣበባን ኣስመራን ሓያል ውዳቤታት ሓፋሽ ውድባት ፈጢረን ነይረን እየን። ኣብ'ዚ እዋን ሰልፊ ናጽነት ወይ ህዝባዊ ግንባር ተመስርታ ኣብ ምንቅስቓስ ስለዝነበረት፣ እሞ ድማ ኣብ "ንሕናን ዕላማናን" ከም ዘነጽሮ ኩሎም ካብ ብሄረ-ትግራይ ስለዝነበሩ። ኩሎም ሃገራውያን ወይ ኣባላት ማሕበር ሸውዓተ-7- ናብ ህዝባዊ ግንባር ወይ ሰልፊ ናጽነት ተሰለፉ። ሓርቤኛ ወልደኣብ ወልደማርያም ድማ ዝጀመሮ ቃልሲ ኣብ መፈጸምታ ንምብጻሕ ምስ ደቁ ኮይኑ ክሳብ ዕለተ ናጽነት ቃልሱ ቀጺሉ።

---

[7] Emnetu Tesfay, 2015 ***Biography of Kidane Kiflu*** <http://emnetu.com/2016%20update/Biography%20of%20kidane%20kiflu.pdf> page 27

ኤርትራ ሉኡላውነታ ምስ ኣረጋገጸት፡ ሓርበኛ ወልደኣብ ወልደማርያም ንኹሎም ሓርበኛታት ወኪሉ ብሓበን ከምዚ ዝስዕብ ኢሉ ነይሩ፦

> “ህዝቢ ኤርትራ ባዕሉ ብገዛእ ቅልጽሙ እዩ ዘውዲ ደፊኡ። ነዛ ዘውዲ እዚ’ኣ ዝትንክፍ ወይልኡ።!”



እታ “ዘውዲ” ዝተባህለት ኤርትራ፡ ከም ሲንጋፖር ክትከውን ብምሕሳብ ሓርቤኛታት ኣቦታትን መራሕትን ማሕበር ሸውዓተ በዓል ተክኤ በየነ ቆሪጾም ተላዒሎም። እንተኾነ ግን፡ እታ ብዋጋ ቃልሲ ሃገራውያን ኣቦታትን ሓፋሽ ህዝብን ዝተረጋገጸት ሉኡላውነት ሃገረ-ትግራይ(ኤርትራ) ኣብ ኢድ ኣሸበርቲ ህ.ግ.ደ.ፍ ወዲቓ። እዞም ብናይ ብሄረ ትግርኛ ሃገራውነት ኣብ ስልጣን ዝመጹ ኣሸበርቲ ጉጅለ-ህ.ግ.ደ.ፍ-፡ ነቶም ብተወፋይነቶምን ናይ ስራሕ ትግሃቶምን ዝፍለጡ፡ ኣባላትን መራሕትን ማሕበር ሸውዓተ ከስርሕዎም ኣይከኣሉን። ታሪኾምን ኣበርክቶም ኣብ ምምጻእ ሉኡላውነት ኤርትራ ከይለዓል ገይሮሞ። ኣብ ክንድኡ ታሪኽ ሺፍታ እድሪስ ዓዋተን ጀሃድ ሸኽ ኢብራሂም ሱልጣንን ከዳምቑ መሪጾም። ግን ታሪኽ ሃገራውያን ኣቦታት

ዝቐበር ኣይኮነን። ክቐበር ስለዘይተኻእለ ድማ እነሆ ማሕበር ሸውዓተ-7- ዳግማይ ተወዲቡ፣ ዘይተመላኡ ዕላማታቱ ኣብ ሸቶኦም ንምብጻሕ ኣብ ቃልሲ ይርከብ።

## ንሕና መን ኢና፧

ንሕና ማሕበር ሸውዓተ -7-(*Eritrean Liberal movement*) ኢና። ዘመናዊ ማሕበር ሸውዓተ፡ ብሸውዓተ ሓምለ 2021 ኣብ ሽወደን ተመስሪቱ። መስረቲ ማሕበር ሸውዓተ፡ ደቂ ሓረስቶት ነበርቲ ሽወደን ኢና። ስምና፡ ንኽተሎ ስነ-ሓሳብን ምድቡን ነዚ ዝስዕብ ይመስል።

| ስም | ስነ-ሓሳብ | ፖለቲካዊ ምድብ |
|---|---|---|
| ማሕበር ሸውዓተ-7-(*Eritrean Liberal Movement)* | Liberal conservatism | ማእከል የማን(Center right) |

## መትከላት ማሕበር ሽውዓተ-7-

1. ኣብ ኤርትራ፡ ብሄረ-ትግራይ ጥራይ እዩ፣ ወደ'ባት።

2. ወግዓዊ ሃገራዊ ቋንቋ ኤርትራ፡ ትግርኛ እዩ።

3. መሰል ርእሰ ውሳነ ዘለዎ፣ ብሄረ-ትግራይ ጥራይ እዩ።

4. ሃገራዊ ክብርታት ኤርትራ-ትግራይ-፡ ኦሪታዊ ክርስትያናዊ ስርዓተ-ክብርታት እዮም።

5. ሕጊ-እንዳ'ባ፡ ሃገራዊ ስርዓት እዩ።

6. ታሪኽ ብሄረ-ትግራይ፡ ኣካል ባህላዊ ሃገራዊ መንነትን ጸጥታን ኤርትራ እዩ።

7. ማሕበር-7፡ ብሄራዊ ውዳቤና ዝሽርሽሩ ትሕተ ሃገራውያን ውዳቤታት ትኹንን ትቃለስን።

## ራኢ ማሕበር-7

ኣብ'ዚ እዋን፡ ኤርትራ ምስ ኩሉ ጸጋታታ፡ ኣብነት ናይ ሕመቕን ድሕረትን ኮይና ኢና ንረኽባ። ዜጋታታ ውን፡ ራኢኦም ዝጸልመቶም ኮይኖም ኣለዉ። ይኹን እምበር፡ እታ እንኮ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ተስፋ ዘለዋ ሃገር፡ ኤርትራ ጥራይ ኢያ። ስለዝኾነ፡ እዞም ዝስዕቡ ራኢታት ሒዛ፡ ማሕበር-7 ተበጊሳ ኣላ።

1. ኤርትራ ከም ሃገር፡ ምንጪ ሓበን ዜጋታታ ክትከውን።

2. ህዝቢ ኤርትራ፡ ደረጃ መነባብራኡ ከም ናይ ቀዳማይ ዓለም ክኸውን።

3. ኤርትራ፡ ኣብ ኣፍሪቃን ማእከላይ ምብራቕን ብቑጠባን ጸጥታን ዝሓየለት ሃገር ክትከውን።

## ዕላማታት ማሕበር ሸውዓተ እዞም ዝስዕቡ ኢዮም፦

1. መንግስቲ ምህናጽ

2. ማእከል ቁጠባን ፖለቲካን ናብ ቦቱኡ ምምላስ፡ ናብ ኣዶሊስን ዙላን።

3. ካብ መግዛእቲ ባዕዳውያን ሓድግታት ሓራ ሙኻን

4. ዘላቒ ቁጠባዊ ዕብየት ምርግጋጽ።

5. ሓያል ኮይንካ፡ ዘላቒ ሰላም ምርግጋጽ።

6. ምድረ'ቡዳነት ምክልኻል።

7. ስርዓተ-ትምህርትና ብመንነትና ምቕራጽንን ቋንቋ ትግርኛ ምዕባይን።

## ቶልኢኾና

ንሕና ከም ሕብረተ-ሰብ፡ ተልእኾ ካብ ዓድናን ወለድናን እና እቕበል። ዕዉታትን እሙናትን ዝገብረና ድማ፡ ተልእኾና ብዝግባእ ምስ ንፍጽም እዩ። ተልእኾና ድማ፡ ዕላማታት ወለድና ኣብ መፈጸምትኡ ምብጻሕ እዩ። ንሕና ከም ማሕበር ሸውዓተ-7- ኩሉ ሸውዓቲኡ ከም ዕላማና ኣቐሚጥናዮ ዘለና፣ ናትናን ናይ ወለድናን ዕላማ። ኣብ ፍጻሜ ከነብጽሖን ተልእኾና ክንፍጽምን ብትግሃት ክንዓዪ ኢና።

እዚ ዝተጠቕሰ ራኢታትና፡ ዕላማታትናን ተልእኾናን ዝትግበር ግን፡ ቅድም ቀዳድም ኣሸባሪ ጉጅለ ህ.ግ.ደ.ፍ ምስ ዝእለ ኢዩ። ህ.ግ.ደ.ፍ ድማ ብናትና ሓያል ውዳቤ ኢዩ፡ ዝእለ። ንዓና እቲ ቀንዲ ብሄር ዝብለና ሓያል ውዳቤ ክንፈጥር ስለንኽእል እዩ። ስለዚ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ተወዲብና ንደልዮ ለውጢ ከነምጽእ ይግባእ።

## ሃገራዊ ኣርማ

ሃገራዊ ኣርማ ሓደ ሃገር ንታሪኽ፡ ቋንቋ፡ ሃይማኖት፡ ባህላዊ መንነት፡ ስርዓተ-ምሕደራን ኣነባብራን ከንጸባርቐ ይግባእ። እዋናዊ ኣርማ ሃገረ ኤርትራ ገመል ኢዩ፣ ዘሎ። እዚ ንህዝብን ሃገርን ኤርትራ ውርደት ኢዩ። ምክንያቱ ኤርትራ-ትግራይ- ከም ሃገር ናይ ባዕላ ታሪኽ፣ ባህላዊ መንነት፣ ሃይማኖትን ቋንቋን ዘለዋ 'ብመጽዓኛ' ክትልለ ሃየንታ ኣለዎ። ከም ዝፍለጥ፡ ኣብ ኤርትራ እቶም ዝሓሰሩ እንስሳ ዘብየት 'መጽዓኛ' ኢዮም። ስለ'ዚ ሃገራዊ ኣርማ ኤርትራ፡ ምንጪ ሓበንን ኩርዓትን መታን ክኸውን፣ ንመንነት ብሄረ-ትግራይ ብዝገልጽ መልክዕ ክቐረጽ እዩ።

## ውዱባዊ ኣርማና

ውዱባዊ ኣርማ ማሕበር-7፡ ሺግ ኮይና፣ ብክልተ ቀይሕን ስማያውን ዓኬላት ዝተኸበት እያ። ብኸም'ዚ ዝስዕብ ድማ ይቱርጎም፥

ሕብርታት

- ሰማያዊ፡ ንባህላውን ሃይማኖታውን መንነትና ይውክል።

- ቀይሕ፡ ንዘበናት ምእንቲ መንነትና ዝኸፈልናዮ መስዋእቲ ይውክል።

ክቢ

ንሕና ከም ብሄር ወይ ሃገር ከቢብና ንጽሊ፡ ንምጉብ፡ ንስዕስዕን ስልጡናት ህዝቢ ኢና። ስለዝኾነ ክቢ፡ ንብሄራዊ ሰልጣኔን ናይ ዕላማ ምውርራስ፡ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ፡ ይውክል።

ሃገራዊ ባንደራ



ሃገራዊ ባንደራ፡ ምንጪ ሃገራዊ ሓበን ዝኸውን ንታሪኽ፡ ባህሊ፡ ሃይማኖት፡ ኣነባብራን ምሕደራን ሓንቲ  ሃገር ወይ ብሄር ምስ ዘንጸባርቕ ኢዩ። እዚ ክጥቀስ ዝጸንሐ ኣብ ባንደራ ሃገረ ኤርትራ ኣይንረኽቦን እና። ስለ'ዚ ሃገራዊ ባንዴራ ኤርትራ፡ ነዚ ኣብ ላዕሊ ዘተጠቐስ እተንጸባርቕ ክትከውን ይግባእ።

## ውድባዊ ባንዴራና

ኣብ ውድባዊ ኣርማ ማሕበር-7 ከም ዝተገልጸ፡ ሰማያውን ጻዕዳን ንባህላውን ሃይማኖታውን መንነትና ይውክል። እቶም ክልተ ጎድኒ ንጎድኒ-parallel- ዝጓዓዙ ቀያሕቲ ሕንጻጻት ድማ፡ ዕብየትናን ህልውናናን ንምርግጋጽ ዝሓተና ድኻምን መስዋትን እንዳ ከፈልና ከም ንቕጽል ዘመልክት ኢዩ። እቲ በዓል ሸውዓተ ጩራ ኮኾብ ድማ ቱርጉሙ ከም'ዚ ዝስዕብ ኢዩ።

### በዓል ሸውዓተ ጩራ ኮኾብ

ነብስ ወከፍ ጩራ ናይ ትርጉም ውክልና ኣለዎ፦

1. ንታሪኻዊ ኣወዳድባ ማሕበር-7፡ ሓደ ንሹዱስተ፡ ይውክል።
2. ንሙሉእነት ሸውዓተ ኣብ ብሄረ ትግራይ ይውክል።

3. ንስርዓተ-መውስቦ፡ ሽውዓተ ቆጺርካ ምውሳብ፡ ይውክል።

4. ንኣይሁዳዊ ክርስትያናዊ ስርዓተ-ክብርታት ይውክል።

5. ንሻውዓይትቲ ናይ ዕረፍቲ መዓልቲ-Sabbath day- ይውክል።

6. ትግራይ-ኤርትራ- ኣካል እዘን ሸውዓተ ክ/ዓለማት ሙኧና የንጸባርቕ።

7. ንዕላማታት ማሕበር-7 ይውክል።



## ሃገራዊ ባህላዊ መንነት

ዳርጋ ኩለን ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ድሕሪ መግዛእቲ ዘጋጠመን ቀንዲ ብድሆ፡ ባህላዊ ሃገራዊ መንነት ናይ ዘይምህላው ሽግር ኢዩ፣ ዝነበረን ዘሎን። ምኽንያቱ፡ ሃገራት ኣፍሪቃ ንሃገርነት ዝበቕዐ፡ ፍልቀተ ኣውዳድባን ኣቃውማን ከጥርያ ኣይበቕዓን። ሃገራዊ ባህላዊ መንነት፡ ካብ ናይ ሓባር ታሪኽ፡ ክብርታት፡ ቋንቋ፡ ወግዒ፡ ሕጊን ሃይማኖትን ብዘገምታ ዝፍጠር እዩ። እዚ ዝተጠቐሰ መበገሲ ብምግባር፡ እቲ እንኮ፡ ኣብ ኣህጉር ኣፍሪቃ ብፍልቅት ዘጥረየ ብሄራዊ ኣወዳድባ ወይ ኣቃውማ ዘለዎ፡ ብሄረ-ትግራይ ጥራይ ኢዩ፤ ክበሃል ይከኣል።

ብሕጽር ዝበለ ኣገላልጻ፡ ብሄረ'ትግራይ ናይ ባዕሉ ፊደላት፡ ስርዓተ-ሕጊ፡ ባህላዊ ፍልስፍና፡ ዜማ፡ ወግዒ፡ ያታ፡ ኣከዳድና፡ ኣመጋግባ፡ ታሪኽን ሃይማኖትን ዘሎዎ፤ ካብ እንዳውን ቀቢላውን ኣወዳድባ ዝወጸ ማሕበረ-ሰብ ኢዩ። ብሄረ-ትግራይ፡ ኣብ ትግራይ-ኤርትራን- ክልል ትግራይን ዝነብር ኮይኑ፣ ኤርትራ ድማ እታ እንኮ ናይ ብሄረ-ትግራይ ሉኡላዊት ሃገር ኢያ። ይኹን እምበር፡ ኣብ ኤርትራ ስልጣን ዝሓዘ ኣሸባሪ ጉጅለ፡ ህ.ግ.ደ.ፍ፡ ነዚ ሓያል ትግረዋይ ባህላዊ ሃገራዊ መንነት ዕሸሸ ብምባል፡ ሓድሽ ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት፡ ንጥፍኣት

ትግረዋይ ሃገራዊ መንነት ዕላማ ዝገበረ፡ ክፈጥር ፈቲኑ፤ ፈሺሉ። ስለ'ዚ፡ ኤርትራ ዘለዋ እንኮ ኣማራጺ፡ ትግረዋይ ሃገራዊ መንነት ምዅስኳስ ጥራይ እዩ።

## ህንጸት ሃገር

ድሕሪ ዋዕላ በርሊን (1884-1885) ኤውሮጳውያን–እስጳኛ፡ ጥልያን፡ ፈረንሳ፡ እንግሊዝ፡ ጀርመን፡ ፖርቱጓል፡ ቤልጁም– ንኣፍሪቃ ተማቒሎም ክወርዋ እንከለዉ። ኣብ ኣፍሪቃ፡ እዚ ዝበሃል ተቓውሞ ኣይገጠሞምን። ምኽንያቱ፡ ባዕዳዊ ሓይሊ ክብድህ ዝኽእል ኣወዳድባ፡ ኣብ ኣፍሪቃ ኣይነበረን። እቲ እንኮ፡ ብሃገራዊ ኣወዳድባ ዝነበሮ ብሄረ'ግእዝ ጥራይ'ዩ ዝነበረ። ስለዝኾነ'ዩ ድማ፡ ብመሪሕነት ንጉሰ ነገስት ዮውሃንስ ራብዓይን ራእሲ ኣሉላ ኣባ'ነጋን እንዳ ተመርሐ ኣንጻር ባዕዳውያን ወረርቲ ብዙሓት ዓወታት ከመዝግብ ዝኸኣለ።

ከም ዝፍለጥ ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ካብ ኤውሮጳውያን መስፋፋሕቲ ሉኡላዊ ናጽነተን ዝተረከባ፡ ቀቢላውን እንዳውን ኣወዳድባ ዘለዎ ሕብረተ–ሰብ ሒዘን ኢየን። እዚ ማለት፡ ህንጸት ሃገር ንሃገራት ኣፍሪቃ ኣዝዩ ኣድላዪ እዩ፤ ማለት እዩ። ምኽንያቱ፡ ብዘይ ብሄራዊ ወይ ሃገራዊ ኣቃውማ፡ ሓያል ሃገራዊ ቁጠባ፡ ሃገራዊ ዕላማ፡ ሃገራዊ ጸጥታን ኩርዓትን ክህሉ ሰለዘይክእል። ኤርትራ ግን ብኣንጻሩ፡ ብፍልቅት ዝጎልበተ ትግረዋይ ሃገራዊ መንነት ዘለዋ፤ ሉኡላውነታ እንተኾነ ውን ብቃልሲ ትግረዎት፡ ደቂ–ሓረስቶት፡ ዘረገገጸት ሃገር እያ። ስለ'ዚ፡

'ህንጸት ሃገር' ንኤርትራ ኣይየድሊያን ጥራይ ዘይኮነ፡ መሰናኽል እዩ ። እንተ'ኾነ፡ ግን ደናቑር መራሕቲ ህ.ግ.ደ.ፍ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ስለዘይፈልጥዎ፣ 'ህንጸት ሃገር' ዝብል ዘርጊ ትልሚ ሓንጺጾም፣ ኣብ ዕንክይ'ክይ የንብርዎ ኣለው።

ህንጸት ሃገር፡ ኣብ ኤርትራ ብናይ ሓሶት ታሪኽ፡ ሓድነት፡ ኩናት፡ድኽነትን ሕሰምን ክስራሕ ተፈቲኑ፣ ፈሺሉ ተሪፉ። ስርዓት ህግደፍ ኣብ ዝሓለፈ ዓሰርተታት ዓመታት ህንጸት ሃገር ዘይኮነ ከካይድ ጸኒሑ፡ ሃገር ኢዩ ከፍርስ ዝፍትን ጸኒሑ፣ ግን ኣይተዓወተን። ምኽንያቱ፡ ታሪኽ ብሄረ-ትግራይ ናይ ጽውጽዋይ ታሪኽ'ዩ ኢሉ፣ ስድራ-ቤት ኣዕንዩ፣ ሰማንያ ሚኢታዊት፡ ሓረስታይ ህዝቢ ኤርትራ ብልሳኑ-ላሃጅኡ- ከም ዝሓፍር፡ ከም ዝስደድን ዝዋረድን ጌይርዎ። ይኹን እምበር፡ ህ.ግ.ደ.ፍ ሃገር ኣይኮነን ብቑዕ ዲጋ ከማን ክሃንጽ ኣይክኣለን።

ማሕበር ሸውዓተ-7- ፡ ኤርትራ-ትግራይ- ሃገር እያ፤ ሃገር ምህናጽ ኣየድልያን። ኣብ ኤርትራ ዘለዉ ውሑዳን ድማ፡ ናይ ውሑዳን ክብሮምን መሰሎምን ተሓሉይሎም፡ ከም ቀደሞም ይነብሩ። 'ህንጸት ሃገር' ዝብል ኣየውፍር ኣይእቱ ወፈራ፡ ብዘይመጽናዕቲ ዝተጀመረ ጥቕሚ ዘይብሉ ዝፈሸለ ውጥን እዩ፣ ብቕጽበት ክቋረጽ ድማ ይግባእ።ይ

## ሃገራዊ ቋንቋ


ኣብ ሃገረ ኤርትራ፡ ትግርኛን ዓረብን ከም ሃገራውያን ወግዓውያን ቋንቋታት እዮም፣ ዝፍለጡ። ኣብ ግብሪ፡ ወግዓዊ ሃገራዊ ቋንቋ ኤርትራ ትግርኛ እኳ እንተኾነ፣ ንፖለቲካዊ ሃልኪ ተባሂሉ ግን፡ ኣብ ሃገራውያን በዓላት ዓረብ ክጥቀሙ ይራኣዩ እዮም። ይኹን እምበር፡ ዓረብ ኣብ ኤርትራ ንዝኾነ ቀቢላ ወይ እንዳ ኣይውክልን። ምስ ኤርተራ ውን ዝኾነ ታሪኻዊ ኮነ ባህላዊ ምትእስሳር የብሉን። ዓረብ ናይ ኣዕራብ እዩ። ምስ ሃይማኖት ምስልምና ኣታኣሳስርካ፡ ከም ናይ ኣስላም ቋንቋ ገይርካ፣ ናይ ኤርትራ ወግዓዊ ሃገራዊ ቋንቋ ንምግባር ዝህቀን ፈተነታት ፍሹል እዩ። ምክንያቱ፡ ኤርትራ ናይ ኣስላም ኣይኮነትን፣ ኤርትራ ናይ ብሄረ–ትግራይ እያ። ወግዓዊ ሃገራዊ ቋንቋኣ ድማ ትግርኛ ጥራይ እዩ።

ገለ የውሃን “ቋንቋ ዘይመረዳድኢ’ዩ፣ ዓረባ ይኹን ትግርኛ ሽግር ይብሉን።” ክብሉ ይስምዑ እዮም። ቋንቋ ግን፡ ክንዮ መረዳድኢ መንነትን ኣካል መንነትን ውን እዩ። ስለ'ዚ ትግርኛ–ግእዝ– ንህዝቢ ኤርትራ ቋንቋኡ ጥራይ ዘይኮነ መንነቱ ውን እዩ። ኣብ ኤርትራ፡ ሓደ

ሃገራዊ መንነት ኣሎ፣ ንሱ ድማ ትግረዋይ ባህላዊ መንነት እዩ። ናይ ዓረብ ቋንቋ ኮነ መንነት፡ ኣብ ኤርትራ ነይሩን ሃልዩን ኣይፈልጥን፣ ብሕጂ ውን ኣይክህሉን'ዩ።

ብሄረ-ትግራይ፡ ካብ ውሑዳት ኣብ ዓለም ዘለዉ፣ ናይ ባዕሎም ፊደላትን ኣሃዛትን ዘለዎም ህዝብታት ሓደ እዩ። እዞም ኣብ ታሕቲ ዝረኣዩ ዘለዉ፡ ፊደላትን ኣሃዛትን ናይ ኤርትራ ወይ ኢትዮጵያ ኣይኮኑን፤ ናይ ብሄረ-ትግራይ እዮም። ንቋንቋ ግእዝ ከም ናይ ፖሊቲካ፡ ሃይማኖት፡ ፍልስፍናን፡ ስነ-ጥበብን ኣብ ንግልገለሉ ዝነበርና እዋን ተነቡብቲ ፊደላት-ግእዝ ፊደላት- ጥራይ እዮም ነይሮም። ምስ ግዜ ኩሉ ማሕበራውን ፖሎቲካውን ንጥፈታትና ብቋንቋ ትግርኛ ክንጥቀም ምስ ጀመርና፣ ነቶም ኣናበብቲ ጥራይ ዝነበሩ ፊደላትና መናበብቲ ተወሲኹዎም። ኣቐዲምና ዘይንጽሕፎም ዝነበርና ድምጽታት ውን ክንጽሕፎም ጀሚርና።

ኣብ'ዚ እዋን፡ ብሃገራዊ ቋንቋ፡ ትግርኛ፡ ክሳብ ሓሙሻይ ክፍሊ ጥራይ ኢዩ፣ ትምህርቲ ዝወሃብ ዘሎ። ድሕሪ ምእላይ ስርዓት-ዓዲ'ሃሎ-ኣሸባሪ ጉጅለ ህ.ግ.ደ.ፍ- ግን፡ ማሕበር-7 ብቐጥታ ኣብ ቋንቋ ትግርኛ ምዕባይ ኢያ፣ ክትኣቱ። ክሳብ ናይ ዩኒቨርሲቲ ደረጃ፡ ብቋንቋ ትግርኛ ናይ ምምሃርን ምስትምሃርን ንጥፈታት ከም ዝካየድ ድማ ክትገብር እያ።




ብተወሳኺ፡ ኣብ ሃገረ ኤርትራ ከም መብዝሓትኣአን ሃገራት ዓለም ናይ ውሑዳን ቋንቋታት ኣለዉ። ንኽዕቀቡን ክምዕቡሉን ድማ ድጋፍ ክንገብረሎም እዩ።

ፍሉይ ኣተኩሮ!

ቋንቋ ትግረ፡ ኩሉ ዜጋ ከም ዝመሃሮ ክንገብር እዩ። ምኽንያቱ ቋንቋ ትግረ ምስ ግእዝ ተደሚሩ እዩ ንትግርኛ ሓያል ሃገራዊ ቋንቋ ክገብሮ። ብተወሳኺ፡ ኣካል ትግርኛ ኮይኑ፡ ካብ ዝተሓተ ክሳብ ዝለዓለ ደረጃ ትምህርቲ መምሃርን መስተምሃርን ከም ዝኸውን ክስረሓሉ እዩ።

## ሃገራዊ ታሪኽ

እቲ ዝርካቡ፡ ኣብ ቤት–ትምህርቲ ኬድካ ክትመሃሮ ትኽእል፡ ሃገራዊ ታሪኽ ኤርትራ፡ ካብ ሚኢትን ሳላሳን ዓመት ዝሓልፍ ዕድመ ዘይብሉን ዝኾነ ጥንታዊ ቅርሲ ወይ ጽሕፍ፡ ከም ጭብጢ፡ ሰረት ዘይብሉ ጽሑፍ እዩ። ብሕጽር ዝበለ፡ እዚ ሃገራዊ ታሪኽ ኤርትራ ተባሂሉ ተጻሒፉ ዘሎ ጽሑፍ፣ ንህዝቢ ኤርትራ፡ ብፍላይ ንብሄረ–ትግራይ፡ ዘዋርድ እዩ። ምኽንያቱ፡ ንኸዳዓት ጀጋኑ ዝገብር፣ ንጀጋኑ ድማ ከድዓትንን ድሑራትን ገይሩ ዘቕርብ፣ ተራ ፈጠራዊ ዛንታ እዩ። እዚ ክኾነሉ ዝኸኣለ ቀንዲ ምኽንያት፡ ሓቂ፡ 'ንህንጸት ሃገር' ዝብል ኣጕል ዝፈሸለ ኣጀንዳ ህ.ግ.ደ.ፍ፡ ሓደጋ ኮይና ስለዝተረኽበት እዩ። ኣብ መወዳእታ፡ እቲ ብሓሶትን ብምዕፋንን፡ ሓደ ብሄራዊ ስሚዒት ክፍጠር ዝፈተነ ኢሰያስ ሕጂ ውን ፈሺሉ።

ሃገራዊ ታሪኽ ኤርትራ፡ ምስ ናይ ፈጠራዊ ታሪኽ ኣምሓራዊት ኢትዮጵያ ተሓዊሱ፡ መሐበኒ ኣምሓራ ኮይኑ ይርከብ። ናይ ብሄረ'ትግራይ፡ ግእዛዊ ፊደላት፡ ያሬዳዊ ዜማን ማሕሌትን ውን ናይ ኢትዮጵያውያን ኮይኖም ክቐርቡ ተራእዮም እዮም። እቲ ዝገርም፡ ኣምሓራዊት ኢትዮጵያ ናይ ሰለስተ ሺሕ ዓመት ታሪኽ ዘይብላ ክንሳ፡ ሳላ ድንቁርና ህ.ግ.ደ.ፍ " ብዘይኩታኣ ወለል..." ትብል ኣላ። ምክንያቱ ጥንታዊት ከተማ ኣኽሱም ምስ ኣዲስ-ኣበባ ታሪኻዊ ምትእስሳር የብላን። ኣኽሱም ምስ ኣዱሊስ ወይ ቀይሕ-ባሕሪ እዩ፣ ዝተኣሳሰር። ታሪኽ ብሄረ-ግእዝ ልዕሊ ዕድመ ኣስመራን ኣዲስ-ኣበባን እዩ። ኣብ መቓብር ኣሸባሪ ሃሎታይ ድማ፡ ታሪኽ ኤርትራ ካብ ኤርትራውነትን ኢትዮጵያውነትን ሓራ ኮይኑ፡ ንመንነትን ብሄራዊ ድሕንነትን ብሄረ-ትግራይ ብዝሕሉ መልክዕ ክጸሓፍ እዩ። ምኽንያቱ፡ እዚ ሕጂ ከም ሃገራዊ ታሪኽ ኣብ ኤርትራ ዝንገር ዘሎ፣ ንታሪኻውያን ጸላእቲ ብሄረ'ትግራይ፡ ኣምሓራን ኣዕራብን፡ ብንጹር ዝቐመጠ ኣይኮነን።

## ስለምንታይ እዩ፣ ታሪኽ ኣገዳሲ ኮይኑ፣

ሃገራት፡ እቲ ቀንዲ ንታሪኽ ከም ሓደ ዓይነት ትምህርቲ ቐሪጸን፡ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ንዜጋታተን ክመሃርዎ ዝገብራሉ ምኽንያታት፡ ታሪኽ ኣካል መንነት ስለዝኾነ፣ ሕማቕን ጽቡቕን ከተለሊ ስለዝሕግዘካ፣ ካበይ መጺኻ፡ ኣበይ ኣለኻ፡ ናበይ ትኸይድ ከም ዘለኻ ሰለነጽረልካን ካብ ውድቀት ክትመሃር ስለዝገብረካን እዩ።

እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ፡ እንተኾይኖም እቶም ቀንዲ ንታሪኽ ንመሃረሎም ምኽንያታት። እምበኣር፡ ኣብ ኤርትራ ንመሃሮ ታሪኽ ነዚ ኣብ ግምት ዘእተወ ኣይኮነን። ናይ ኤርትራ ተባሂሉ ተጻሒፉ ዘሎ ታሪኽ ኣካል መንነትና ኣይኮነን። ኣብ ወድዓዊ ሓቂ ዝተመርኮሰ ስለዘይኮነ፡ ካበይ መጺና፣ ኣበይ ኣለና፣ ናበይ ከም ንኸይድ ኣይመርሓናን። ካብ ኣብ ባዕላውያን ሓቅታት ሰረት ዝገበረ ታሪኽ ክትመሃር ስለዘይከኣል፣ ካብ'ዚ ሕጂ ናይ ኤርትራ ታሪኽ ዝበሃል ዘሎ ክትመሃር ኣይከኣልን። ናይ ኤርትራ ታሪኽ ንብሄረ-ትግራይ ኣይውክልን እዩ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ኤርትራ ናይ ኣስላም ታሪኽ ኢኻ ትመሃር። ኩሎም ጀጋኑ ኣስላም እዮም። 'ታሪኽ ኤርትራ' ካብ ዝበሃል፣ 'ታሪኽ ኣስላም ኣብ ኤርትራ' እንተዝበሃል ዝያዳ ተኣማንን ገላጽን ምኾነ። ስለ'ዚ ሃገራዊ ታሪኽ ኤርትራ ከም ብሓድሽ ክጸሓፍ ኣለዎ፣ ማለት እዩ።

## ታሪኽ ኤርትራ-ትግራይ- ብኸመይን ብመንን ክጸሓፍ ኣለዎ፧

ናይ ታሪኽ ሊቃውንቲ "ታሪኽ ጨካን እዩ።" ክብሉ ይስምዑ እዮም። ሓቆም እዮም፣ ግን ታሪኽ ጨካን ዝኸውን ኣብ ጭብጥን ወድዓዊ ሓቅን መሰረት ምስ ዝገብር እዩ። ምኽንያቱ ኣብ ጭብጥን ወድዓዊ ሓቅን ሰረት ዝገበረ ታሪኽ ንዓወትን ስዕረትን፣ ንጅግናን ኩዳዕን ብቦትኦም ስለዝህቦም እዩ፣ ጨካን ዝገብሮ። ታሪኽ ዝኾነ ሕብረተ-ሰብ ክልተ ገጻት-ዓወትን ስዕረትን- እዩ፣ ዘለዎ። ታሪኽ ኤርትራ

ክልትኣኡ ገጻት ታሪኽ ዘካተተ ኣይኮነን፣ ጥራይ ዘይኮነ ታሪኽ ኤርትራ ኣይተጻሕፈን ክበሃል ይቐልል። ታሪኽ ኤርትራ ኣብ ዝጸሓፈሉ እዋን እዞም ዝስዕቡ ረቛሕታት ሰረት ዝገበረ ክኸውን ይግባእ፦

1. ኣብ ጥንታውያን ጭብጥታት–ቅርስታትን ጽሑፋትን– ዝተሰረተ።

2. ታሪኽ ኤርትራ ኣካል መንነት ብሄረ'ትግራይ ኮይኑ፣ ምራላዊ ክብርታት ብሄረ'ትግራይ ብዝዕቅብ መልክዕ ክጸሓፍ።

3. ብዝተኣሳሰረ መልክዑ ክጸሓፍ ክኽእል።

4. ብናይ ታሪኽ ሰብ ሞያ ካብ ፖሎቲካዊ ጽዕንቶ ነጻ ኮይኑ ክጸሓፍ።

5. ብሄራዊ ድሕነት ብሄረ–ትግራይ፡ ኣብ ግምት ዘእተወ ክኸውን ይግባእ።



በዚ ዝተገልጸ ኣገባብ ምስ ዝጸሓፍ ጥራይ እዩ፣ ኤርትራ ናይ ኣሽሓት ዓመታት ታሪኽ ክህልወ ዝኽእል። መዓስ እዚ ጥራይ፣ ከም ኩሎም ጥንታውያን መሳቱ ብሄረ-ትግራይ ህዝቢ ኤርትራ ሐቡን፡ ተሓፊርን ተወዳዳርን ኸሸውን እዩ።

## ስም ሃገረ ኤርትራ

ኣብ'ዚ እውን፡ ስም ሉኡላዊት ሃገረ መንግስቲ ብሄረ-ትግራይ፡ ብ'ኤርትራ' ዝብል ስጓ ይጽዋዕ ኣሎ። ከም ዝፍለጥ፡ ኤርትራ ብፍልቀት ዝመጸ ስም ናይ ሃገረ መንግስቲ ብሄረ-ትግራይ ኣይኮነን፤ ብመበቆላውያን ቋንቋታት ብሄረ-ትግራይ፡ ግእዝ፡ ትግርኛን ትግረን፡ ውን ዝኾነ ትርጉም የብሉን። ዋላ ብቋንቋ እቶም ገዛእቲ ጥልያን እንተኾነ'ውን፡ እዚ ዝበሃል ትርጉም የብሉን። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ሉኡላዊት ሃገረ መንግስቲ ብሄረ-ትግራይ፡ ባዕዳውያን ገዛእቲ፡ ጥልያን፡ ዘጠመቕዋ ትርጉም ኣልቦ ስም ተሰኪማ ትኸይድ ኣላ፣ ክበሃል ይከኣል።

ማሕበር-7፡ ንሉኡላዊት ሃገረ መንግስቲ ብሄረ-ትግራይ፡ እዞም ዝስዕቡ፥ መስርሓት ሓሊፉ ትርጉም ዘለዎ ስም ከም ዝህልዋ ክገብር እዩ።

1ይ. መንግቲ ክሃንጽ እዩ።

2ይ. መንግስቲ ምስ ተሃንጸ፡ ስም ሃገረ መንግስቲ ብሄረ-ትግራይ ብሃገራዊ ባይቶ ከም ዝውሰን ክግነር እዩ።

ክሳብ እዚ ኩሉ ዝተጠቕሰ ምስርሓት ዝሓልፍ፡ ሉኡላዊት ሃገረ መንግስቲ ብሄረ-ትግራይ ብሳጓኣ፡ 'ኤርትራ'፡ ክትጽዋዕ እያ። ትርጉም ዘለዎ ስም ተጠመቕት ግን ብቐጥታ ብሕጊ ተግባራዊ ክኸውን እዩ።

## ሃገራዊ ሃይማኖት

ሃይማኖት፡ ኣብ ኣነባብራ ሓደ ሕብረተ-ሰብ ኣዝዩ ዓቢ ጽልዋ'ዩ ዘለዎ። ዳርጋ ኩሎም ኣብ ዓለም ኣለዉ ዝበሃሉ፡ ዝተጻሕፉን ዘይተጻሕፉን፡ ሕግታት ቀንዲ ሕመረቶም ካብ ሃይማኖት እዩ። ኣብ ኤርትራ እንተ ሪኢና ውን፡ ሕጊ-እንዳ'ባ መሰረቱ ካብ ኦሪታዊ ክርስትያናዊ ሃይማኖት እዩ። እቶም ንሕብረተ-ሰብ ትግራይ፡ ኣብ መዓልታዊ ሂወቱ ቅርጺ ዘትሕዝዎ ናይ ሞራል ሕግታት-ዘይተጻሕፉ ሕግታት- እንተ'ኾኑ ውን፡ ካብ ታቦት ዝጸሮም ዓሰርተ ትእዛዛት እዩ፣ ሕመረቶም። ስለዝኾነ፡ ንብሄረ-ትግራይ ሃይማኖት፡ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ፡ መንነቱ'ያ እንተ ተባህለ፣ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ኣይኮንነን። እዚ ማለት፡ ኤርትራ ኦሪታዊት ክስትያናዊት ሃገር እያ። ልክዕ'ዩ፡ ኣሸባሪ ጉጅለ ህ.ግ.ደ.ፍ ኣብ'ዚ እዋን "ሃገር ናይ ኩሉ፣ ሃይማኖት ናይ ውልቂ።" ዝብል ኣጉል ጭርሖ ሒዙ፤ ኤርትራ ዕልማናዊት ሃገር'ያ ኢሉ፣ ንነብሱን ንገለ የውሃትን ደቂ'ማርያም ክሊዓውን የታልል ኣሎ። ኣብ ግብሪ ግን፡ ዋላ መራሕቲ ህ.ግ.ድ.ፍ እንተ'ኮኑ ውን ኤርትራ ናይ ተሰከምቲ ታቦት ሃገር ሙኳና ይኣምኑ እዮም። እዚ ማለት ግን፡ ካልእ ዝተፈልየ ሃይማኖት ዘለዎም፣ ኣብ ኤርትራ ኣይነብሩን ኣየስምዕን።

ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ከመይ ኢላ፡ ሃገራዊት ሃይማኖት ክትከውን ኪኢላ፧

ሊቃውንቲ ቤት-ክርስትያን፡ ቁጽሪ ሸውዓተ፡ ኣብ ብሄረ'ግእዝ ሙሉእ ስለዝሕሰብ ስለዝተረድኡ፣

ንክርስትና ድማ ብምልኣት ብሸውዓተ ቀሪጸም ተቐቢሎሞ። ገለ ካብ'ኡ ንምጥቃስ፥

7 ሚስጢራት ቤት-ክርስትያን

7 ኪዳናት

7 ናይ ጸሎት ግዝያት

7 ኣጽዋማት

7 ሊቃነ-መላእኽቲ

7 ናይ ክርስቶስ መንነት ዝምስክሩ

7 ብእግዝኣብሄር ዝፍንፈኑ ነገራት

ጉዳይ ሃይማኖት፡ ማሕበር-7 ብኽም'ዚ ዝስዕብ ክትሕዞ እያ፦

ኣብ ኤርትራ፡ ሓንቲ ሃገራዊት ሃይማኖት ኣላ፤ ንሳ ድማ፡ ኦሪታዊት ኦርቶዶክስ ተዋህዶ እያ። ሃገራውያን ሃይማኖታውያን ብዓላት ድማ ናይ ኦሪታዊ ክርስትያን በዓላት ጥራይ ክኾኑ እዮም። ካብ ምስልምና ጀሚርካ፡ እቶም ኣብ ኤርትራ ዘለዉ ሃይማኖታት፡ ናይ ኤርትራ ሃገራውያን ሃይማኖታት ኣይኮኑን። ንኣብነት ምስልምና፡ ናይ ሃገራት ኣዕራብ ሃገራዊ ሃይማኖት እዩ፤ ክኒሻ ናይ ሽወደን፣ ኮቶሊኽ ናይ ቫቲካን፡ ጽንጠ ድማ ናይ ... እዩ። ስለ'ዚ፡ ኣብ ኤርትራ ዝኾነ ውልቀ'ሰብ ናይ ዝመስሎ ሃይማኖት ተኸታሊ ክኸውን ይኽእል እዩ። እንተ'ኮነ ግን ኣብ ኤርትራ ናይ ባዕዲ ሃይማኖት ምስፍሕፋሕ ዝተኸልከለ ክኸውን እዩ። ከም'ዚ ጽንጠ ዝገብርዎ፣ ኣብ መንገዲ ከቲርካ፡ ኣብ ወልቀ'ሰባት ናይ ባዕዲ ሃይማኖት ክትጽዕነሎም ምፍታን፤ ከም'ኡ ውን፡ ከም'ዚ ኣስላም ዝገብርዎ፡ መጉልሒ ድምጺ ተጠቒምካ ነባራይ ምርባሽ፤ ብሕጊ ዝተከልከለ ክኸውን እዩ። ናይ ዝኾነ ቤት-ጸሎት ድምጺ ካብ ሰብዓ ደሲ ቤል-70 db- ንላዕሊ ምስ ዝኸውን ብሕጊ ከሕትት እዩ።

ብተወሳኺ፡ ናይ ኩለን ሃይማኖታት መራሕቲ ደመወዞም ፍሉጡን ንናብርኦም ዝኣኽሎምን ክኸውን እዩ። ዘለዎም መጠን ሃብቲ ድማ ምስጢር ኣይክኸውንን እዩ። ነዚ ናይ'ዚ ዘበን ጸጋትታት ኪነት ብምጥቃም፡ ናይ መራሕቲ ሃይማኖት ጥራይ ዘይኮነ፡ ናይ ኩሎም መራሕቲ ቁጠባዊ ርእሰማል ግልጺ ክኸውን እዩ። ካብ ናይ ወጻኢ ትካላት ወይ መንግስታት ዝምወል መራሒ ሃይማኖት፡ ቤት-ክርስትያን ውይ መስጊድ፡ ኣብ ኤርትራ ቦታ ኣይክህልዎን'ዩ፤ ምኽንያቱ፡ ናይ ባዕዲ መሳርሒ ክኾኑ ዓቢ ተኽእሎ ስለዘሎ። ስለ'ዚ፡ መራሕቲ ሃይማኖታትትን ቤት-እምነታትን ሃገራውያን ክኾኑ ይግባእ።

«ካህን»

ኣብ'ዚ እዋን፡ ናይ ክህነት መዓርግ ምቅባል፣ ኣዝዩ ቀሊል እዩ። ስለዝኾነ'ዩ ውን ብዙሓት ዘይብቑዓት ሰባት፡ ሳዋ ንዘይምኻድ ቢሎም 'ካህናት' ኮይኖም ዘለዉ። ድሕሪ ውድቀት ኣሸባሪ ጉጅለ ህ.ግ.ደ.ፍ ግን፡ ኣብ ኤርትራ ካህን ምዃን ቀሊል ኣይክኸውንን እዩ፤ ምኽንያቱ ኣብ ናይ ካህናት ቤት-ትምህርቲ-ኮሌጅ- ዝኣትዉ ተማሃሮ፡ ኣብ ምሕበራዊ ትምህርቲ ዝለዓለ ነጥቢ ክህልዎም ስለዘገድድ። ብተወሳኺ፡ ካህን ዝኸውን ወልቀ'ሰብ ኣእሙራዊ፡ ኣካላዊን መንፈሳዊን ጥዑይ ክኸውን ይግባእ።

## ህንጸት-መንግስቲ

መንግስቲ ዝበሃል፡ ሓደ ህዝቢ ዘለዎ፡ ፍሉጥ ዶብ ዝውንን፡ ሉኡላውነትን ግዛኢ-ውዱብን ዘለዎ፡ ብዓለም ዝተፈልጠ እዩ። መንግስቲ ከም መንግስቲ ቀጻልነት ክህልዎ፣ ከኣ ብግቡእ ክህነጽ ይግባእ። እንተኾነ ግን፡ ኣብ ኤርትራ መግስቲ ኣይተሃንጸን ኣሎ። እዚ ማለት፡ ጸጥታ፡ ፖሎቲካን ቁጠባን ኤርትራ ብዘላቕነት ከውሕሱ ዝክእሉ ትካላት ኣይተሃንጹን። ስለዝኮነ፡ ማሕበር ሸውዓተ-7- ህንጸት መግስቲ ቀዳማይ ዕማማን ዕላምኣን ገይራ ትሰርሓሉ ዘላ።


ህንጸት-መንግስቲ ክበሃል ከሎ፡ ምህናጽ ፖሎቲካውያንን ሕጋውያንን ትካላት ማለት ኢዩ። መንግስቲ ክበሃል ከሎ ድማ፡ ሃገራዊ ሉኡላዊ ስልጣን ማለት ኢዩ። ኣብ ዝኾነ ሃገር፡ ኣንጻር ግዛኢ ውድብ-government- ደው ምባል፡ ሕጋውን ሞራላውን ተቐባልነት ኣለዎ ። ኣንጻር መንግስቲ ዝቐውም ወዲ-ሃገር እየ፣ ዝብል ግን ከም ጸላኢ እዩ፣ ዝቑጸር። ዝኾነ ተቐባልነት ውን የብሉን። እዚ ክኸውን ግን መንግስቲ ምህናጽ የድሊ ። ብተወሳኺ፡ ኣብ መንጎ መንግስትን ግዛኢ ውድብን ዘሎ ፍልልይ ዜጋታት ብዝግባእ ክመሃርዎ ይግባእ።

መንግስቲ ከይሃነጽካ፡ ሃገራዊ ጥምረት፡ ዘላቒ ሰላም፡ ዘላቒ ቁጠባዊ ዕብየት፡ ርጉእ ፖሎቲካ፡ ልዕልና ሕጊ፣ ክረጋገጽ ኣይከኣልን። መንግስቲ ድማ ኣብ ሉኡላዊ ዶብ፡ ሉኡላዊ ህዝቢን ሉኡላዊ መንግስትን ይህነጽ። መንግስቲ ክትሃንጽ፡ እዞም ዝስዕቡ መስረታውያን ረቛሒታት ክማላኡ ግድን ይኸውን፦

ሀ. ሃገራዊ መንነት

ለ. ብመጠኑ ዝተረጋግአ ጸጥታ

ሐ. ሕጊ ወይ ድማ ስርዓት




ሽሕ'ኳ፡ ሃገረ ኤርትራ ብዝፈረሳን ኣብ ምፍራስ ዘለዋ መንግስታት- ሶማል፡ ደቡብ ሱዳን፡ የመን፡ ኢትዮጵያ- እንተ ተኸበት፣ መግስትነት ሃገረ ኤርትራ፡ ግን ኣይክፈርስን ኢዩ። ምኽንያቱ፡ ህዝቢ ትግርኛ ከም ህዝቢ፡ ሃገራዊ ትግረዋይ ባህላዊ መንነት ኣለዎ፤ ኣብ ሃገረ ኤርትራ ዘሎ ናይ ጸጥታ ሽግራት ክቆጻጸሮ ይኽእል እዩ፤ ስርዓተ-ሕጊ ኤርትራ፡ ሕጊ-እንዳ'ባ፡ ውን ብተግባር ኣብ ዓድታት ኤርትራ ይሰርሕ ሰለዘሎ፤ ህዝቢ ኤርትራ መንግስቲ ክሃንጽን ቀጻልነቱ ክውሕስን ይኽእል እዩ።

ማሕበር ሸውዓተ-7- መንግስቲ ንምህናጽ፡ እዞም ዝስዕቡ ትካላት ክትሃንጽ እያ፦

1. ክፍልታት ግዝኢ ውድብን ምምሕዳራዊ መዋቕርን

2. ሃገራዊ ባይቶ

3. ምምሕያሽ ሕጊ-እንዳ'ባ

4. ሃገራዊ ሙስራ'ቤታት

5. ሃገራዊ ሰራዊት

6. ትካላት ንግዲ

7. ትካላት መጓዓዝያን ናይ መጓዓዝያ ትሕተ-ቕርጽን

## መንግስታዊ መዋቕር

ሃገረ መንግስቲ ኤርትራ፡ ከም ኩሎም ኣብ ዓለም ዘለዉ ሃገረ መንግስታት ብህዝባ፡ ብግዝኣታዊ ሓድነታ፡ ብሉዑላውነታን 'ብገዛኢ ውድባን' እያ፣ ትልለ። ሃገረ ኤርትራ፡ ብገምጋም ኣስታት ሓሙሽተ ሚልዮን ህዝቢ-ናይ ዓለም ባንክ ጸብጻብ 2011[8] መሰረት ብምግባር ማለት እዩ- ሉዑላዊ መንግስቲ፣ ፍሉጥ ዝደቦቱ መሬት፡ ክሊ ባሕርን ክሊ ኣየርን እትውንን፡ መበል 182 ኣባል ውዱብ ሕቡራት ሃገራት እያ። እንተኾነ ግን፡ ከም ሉኡላዊት ሃገር ካብ ትፍለጥ ኣትሒዛ፡ ኣብ ትሕቲ ኣሸባሪ ጉጅለ ወዲ ቓ ትርከብ። እዚ፡ ብሓይሊ ብረት ስልጣን ዝሓዘ ኣሸባሪ ጉጅለ ድማ ኩሎም ሕብረተሰባውን መንግስታውን ትካላት ብሄረ'ትግራይ ኣዕንዩ፡ ህዝባ ኣደዳ ስደትን ውርደትን ጌይርዎም ከይኣኽሎ፣ ቀጻልነት ሃገረ-መንግስት ኤርትራ ውን ኣብ ምልክት ሕቶ ኣእትይዎ ይርከብ። ስለ'ዚ፡ ህዝቢ ትግራይ ከም ብሄር፡ ኤርትራ ድማ ከም ሃገረ-መንግስቲ ቀጻልነቶም ከረጋግጹ እንተኾይኖም፣ ቅድሚ ኩሉ መንግስቲ ክህነጽ ይግባእ።

ድሕሪ ምእላይ ኣሸባሪ ጉጅለ ህ.ግ.ደ.ፍ፡ ኣብ ሃገረ ኤርትራ ዝትከል መንግስቲ ኣሃዳዊ ኮይኑ፣ ናብ ዞባን ወረዳን ተኸፋፊሉ፡ ወረዳዊ መንግስቲ፡ ዞባዊ መንግስቲ፡ ሃገራዊ መንግስቲ፡ ተባሂሉ ክስመ እዩ። እቲ፡ ኣብ ኤርትራ ዝትከል ስርዓተ ምሕደራ ድማ ናይ ውክልና ዴሞክራሲ፡ ባይቶኣዊ ዴሞክራሲ፡ ዝኽተል ክኸውን እዩ። እዚ ማለት ፕረዚደንት ርእሰ-ሃገር ክኸውን ከሎ፣ ቀዳማይ ሚኒስተር ድማ

---

[8] The world Bank, (2011) *Eritrea Total population*: Available at <https://data.worldbank.org/indicator/SP.POP.TOTL> (accessed 07-10-2021)

መራሒ ገዛኢ ውዱብ ወይ ፈጻሚ ኣካል ክኸውን እዩ። ምክንያቱ ንዘበናት ህዝቢ ኤርትራ ዝተማሓደረሉ፡ ሕጊ እንዳ'ባ፡ ብውክልና ዝሰርሕ ባይቱኣዊ ስለዝኾነ፣ ንዕኡ ዝመስል ሃገራዊ መንግስቲ ምህናጽ ድማ ንመንግስትነት ሃገረ ኤርትራ ዘላቐነት ክህልዎ ስለዝገብር እዩ። ምኽንያቱ፡ ኣሸባሪ ጉጅለ ህ.ግ.ደ.ፍ፡ ቀጻልነት መንግስትነት ብሄረ'ትግራይ፡ ኣብ ሓደጋ ከእትዎ ዝኽኣለ ንስርዓት ሕጊ–እንዳ'ባ ብምጽራር እዩ። እንተኾነ ግን፡ ስርዓት ሕጊ–እንዳ'ባ ስለዝሰዓረ ከም'ቲ ዝደለይዎ ክኾኖሎም ኣይክኣለን። ብተወሳኺ፡ እቲ ኣብ ኤርትራ ዝትከል ስርዓተ መንግስቲ ሰለስተ ንንሕድሕዶም ዝቆጻጸሩ ክፍልታት፡ ሓጋጊ ኣካል፡ ፈራዲ ኣካልን ፈጻሚ ኣካልን ክህልውዎ እዮም።

## ወረዳዊ  መንግስቲ


ኣብ ኤርትራ ሱሳ ዝኾና ወረዳታት ኣለዋ። ማሕበር-7 ድማ ናብ ሰብዓ ከተደይበን እያ። ኣብ ኤርትራ፥ እቲ ዝለዓለ ስልጣን ዝህልዎ ወረዳዊ መንግስቲ እዩ፣ ክኸውን። ዝበዝሑ ሕቶታት ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ወረዳዊ መንግስቲ ከም ዝምለስ ክኸውን እዩ። ወረዳዊ መንግስቲ ናይ'ዞም ዝስዕቡ ትካላት ወይ ዕማማት ሓላፍነት ክወስድ እዩ፥

1. ካብ መዋዕለ ህጻናት ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርትታት
2. ናይ ጠዋሪ ዘይብሎም ኣረጋውያንን ኣካለስንኩላንን ሓላፍነት ይስከም
3. ቤት-ንባብ
4. መወከሲ ሆስፒታል
5. ናይ ጽርየት፥ ምልክታትን ኣስማትን ጎደናታት ዕዮ ሓላፍነት ይስከም
6. ብህዝቢ ዝውነኑ ትካላትን ባህሪያውያን ጸጋታት ይሕሉን የማሓድርን
7. ጥሙር መጓዓዝያ፥ ምስ ዞባዊ መንግስቲ ብምትሕብባር ይመርሕ

## ዞባዊ መንግስቲ

ኤርትራ፡ ኣብ ሹዱሽተ ናይ ምሕደራ ዞባታት ትኽፋፈላ ትመሓደር ኣላ። ድሕሪ ምእላይ ኣሸባሪ ጉጅለ ህ.ግ.ደ.ፍ ድማ ሸውዓተ ናይ ምሕደራ ዞባታት ከም ዝህልውዋ ክንገብር ኢና። እዚ ክኸውን ዝመረጽናሉ ቀንዲ ምኽንያት ንዘላቂ ምዕባለ ሃገርና ኣብ ግምት ብምእታው እዩ። ቀንዲ ሓላፍነት ወይ ዕማም ናይ ዞባዊ መንግስቲ እዞም ዝስዕቡ ክኾኑ እዮም፥

1. ቱሪዝም
2. ምኩስኳስ ሃገራዊ ባህሊ (ባህሊ ብሄረ-ትግራይ)
3. ላዕለዎት ደረጃ ቤት-ትምህርትታት
4. ሪፈራል ሆስፒታላት
5. ጥሙር መጓዓዝያ፡ ምስ ወረዳዊ መንግስቲ ብምንባብ ብሓላፍነት ክዓምም እዩ
6. ምጥርናፍ ናእሽቱ ዓድታትን ሰበኽ-ሳግም ስድራ-ቤታትን
7. ምክልኻል ምድረበዳነት


5
4
6
3
2
7
1
1. ምድረ-ቡር
2. ዞባ መረብ
3. ዞባ ጋሽ-ባርካ
4. ዞባ ዓንሰባ
5. ዞባ ሕዳይ
6. ምድረ-ቢዘን
7. ምዔም'ሓዛ

## ሃገራዊ መንግስቲ

ሃገራዊ መንግስቲ ኤርትራ ሰለስተ ኣካላት፡ ሓጋጊ ኣካል፡ ፈራዲ ኣካል፡ ፈጻሚ ኣካል፡ ክህልውዎ እዮም። ሓላፍነት ወይ ዕዮ ሃገራዊ መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣብ'ዞም ዝሰዕቡ ዘተኮረ ክኸውን እዩ፥

1. ምንዳፍን ምጽዳቅን ሕጊ
2. ኣህጉራዊ ዝምድናታት
3. ሓይልታት ምክልኻል
4. ፖሊስ
5. መንገዲ ባቡር
6. ዓበይቲ ጽርግያታት
7. መጓዓዝያ ነፈርቲ

ሀ. ሓጋጊ ኣካል-ሃገራዊ ባይቶ-

ሃገራዊ ባይቶ ኤርትራ፡ ሓደ ክፍሊ-Unicameral- ዘለዎ፣ ክኸውን እዩ። ዝለዓለ ስልጣን ዘለዎ ኣካል መንግስቲ ድማ ሃገራዊ ባይቶ ክኸውን እዩ። ኣብ ሃገራዊ ባይቶ ኤርትራ 147 መናብር ክህልዋ እየን። ነዘን መናብር ንምሓዝ ኣኣብ ኣርባዕተ ዓመት ምርጫ ክካየድ እዩ። ናይ ዞባን ወረዳን ባይቶታት ብዝሒ መናብር ብብዘቡኡን ወረዱኡን ከከም ኩነታቱ ዝተፈላለየ ከም ዝኸውን ብሩህ እዩ። ምርጫ ግን ምስ ሃገራዊ ባይቶ ብሓባር ኣብ ሓደ እዋን ክካየድ እዩ። ኣብ ሃገርና፡ ሃገራዊ ባይቶ እዞም ዝስዕቡ ዕማማት ክህልውዎ እዮም፥

1. ሕጊ ይነድፍ፡ ንኣፈጻጽምኦም ድማ ይቆጻጸር፣ ከም'ኡ ውን ብቀዳማይ ሚኒስተር ዝተመዘዙ ፈራዶ ኣፍልጦ ይህብን ካብ ስልጣኖም ይኣልን።
2. ግብሪ ይውስን
3. ሃገራዊ ባጀት የጽድቕ
4. ኣህጉራዊ ስምማት የጽድቕ
5. ልቃሕ መንግስቲ የጽድቕ
6. ኵናት ይእውጅ
7. ቀዳማይ ሚኒስተር ይሸይምን የውርድን

## ለ. ፈራዲ ኣካል

ፈራዲ ኣካል፡ ካብ ፖለቲካ ናጻ ኮይኑ እዞም ዝስዕቡ ዕዮታት ክህልውዎ እዮም፥

1. ኢ–ቁዋማዊ ሕጊ ይነጽግ።
2. ኩሎም ሕግታት ናብ ግብሪ ይቱርጉም።
3. ቀዳማይ ሚኒስተር፡ ካብ ስልጣኑ ወሪዱ ምስ ዝክሰስ ይፈርድ።

## ሐ. ፈጻሚ ኣካል

ቀዳማይ ሚንስተር፡ መራሒ ፈጻሚ ኣካል ኮይኑ፣ ላዕላዋይ ኣዛዚ ሃገራዊ ሰራዊትን ጸጥታን ውን እዩ። ይኩን እምበር ኲናት ክእውጅ ግን ኣይክእልን። ፈጻሚ ኣካል፡ ብመሪሒነት ቀዳማይ ሚኒስተር እዞም ዝስዕቡ ዕዮታት ወይ ሓላፍነታት ክህልውዎ እዮም፥


1. ናይ ወጻኢ ፖሊሲ ይሕንጽጽ።

2. ርእሰ ኣብያተ-ፍርዲ ይመዝዝ።

3. ሕጊን ካልኦት መንግስታዊ ዕማማትን ኣብ ግብሪ ይፍጽም።


4. ሓድሽ ሕጊ ብመልክዕ እማመ ናብ ሃገራዊ ባይቶ የቅርብ።

5. ሓድሽ ሕጊ ክጸድቕ እንከሎ ክታሙ የንብር።


ሃገራዊ መንግስቲ
ሓጋጊ ኣካል
ፈጻሚ ኣካል
ፈራዲ ኣካል
ርእሰ ሃገር
ኣቦ መንበር ባይቶ
ኣባላት ባይቶ
ሽማግለታት
ኣማሓደርቲ ዞባታት
ከንቲባታት
ኣማሓደርቲ ወረዳታት
ቀዳማይ ሚኒስተር
ገዛኢ ውድብ
ሚኒስተራት
ኦዲተራት
ርእሰ ኣብየተ ፍርዲ
ፈራዶ
ጠበቓታት
ፕረዚደንት፡ ርእሰ ሃገር ኮይኑ፡ ዲፕሎማስያዊ ንጥፈታት ይከታተል፡ ኣረእያ ይከውን፡ ናይ ክብሪ ሽልማት ይዕድል፡ ንቀዳማይ ሚኒስተርን ርእሰ ኣብያተ ፍርድን ኣፍልጦ ይህብ።

## ሃገራዊ ሰራዊት

ህዝቢ ትግራይ ከም ብሄር፡ ኣብ ናይ ኣሽሓት ዓመታት ታሪኹ ብብግዝይኡ ወተሃደራውያን ውዳቤታት እንዳ ሃነጸ ክመጽእ ጸኒሑ እዩ።



ኣብ ዝሓለፈ ፍርቂ ዘመን ዝተሃንጸ ውድባዊ ሰራዊት እንተ ሪኢና እኳ'ስ፡ ንጀብሃ ኣብ መጀመርታ 1980ታት፣ ንመስፋሕፋሕቲ ኣምሓራ ድማ ኣብ መጀመርታ 1990ታት፣ መምስ ዘራያቶም ክስዕር ዝኸኣለ ውዳንቤ ክፈጥር ክኢሉ እዩ። እዚ ክዉን ክኾነሉ ዝኸኣለ ቀንዲ ምክንያት፡ ብናይ ብሄረ–ትግራይ ሓያል ናይ ምውዳብ ባህሊ እዩ። እቲ ካልኣይ ድማ፡ ከም በዓል በርሀ ጻዕዱ፡ ኢሰያስ ወዲ–ፍላንሳ፡ ጴጥሮስ ሰሎሞን፡ ብርሃነ ገረእዝጊሄር፡ ዑቕበ ኣብርሃ፡ ገብረሂወት ሓንቢር … ወዘተ ዝኣመሰሉ ወናማትን ተብዓትን መራሕቲ ኣብ ቃልሲ ክፍጠሩ ስለዝከኣሉ እዩ። እዚ ኩሉ ተደሚሩ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ኣዝዩ ተፈራሕን ተሓፋርን ክኸውን ኣኽኢልዎ ነይሩ እዩ።

እንተኾነ ግን፡ ድሕሪ ምርግጋጽ ሉኡላውነት ሃገረ መግስቲ ኤርትራ፣ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር፡ ናይ ኤርትራ ሃገራዊ ሰራዊት ኮይኑ ክቕጽል ዘኽእል ዕድል ኣረኸበን፤ ምኽንያቱ ብኣሸባሪ ጉጅለ ህ.ግ.ደ.ፍ ጅሆ ተታሒዙ፣ ናይ ህ.ግ.ደ.ፍ ወተሃደራዊ ትካል ኮይኑ ክቕጽል ስለዝተደልየ'ዩ። ከም ውጽኢቱ፡ ኣብ ክንዲ ንሃገራዊ ዕላማታት፡ ንዕላማታት ህ.ግ.ደ.ፍ ከተግብር ተገዲዱ። ብሕጽር ዝበለ ኣገላልጻ፡

ኣብ'ዚ እዋን፡ ኤርትራ ከም ሃገር ቀጻልነታ ከውሕስ ዝኽእል ሃገራዊ ሰራዊት የብላን። ኣብ ኤርትራ ዘሎ ሰራዊት ናይ ህ.ግ.ደ.ፍ ዝተሰምየ ጉጅለ ኣሽበርቲ እዩ። ተጠያቅነቱ ድማ ንህ.ግ.ደ.ፍ እምበር፡ ንህዝቢ ኤርትራ ኣይኮነን። ስለዝኾነ'ዩ፡ ህዝቢ ኤርትራ ዝኾነ ወተሃደራዊ ክዳን ዝለበሰ እንተ'ድኣ ርእዩ፣ ዝሰግእን ዝሸበርን። እዚ ዘመልክቶ፡ ኣብ ኤርትራ ዘሎ 'ሰራዊት'፡ ህ.ግ.ድ.ፍ –ዝበሃሉ ጉጅለ ኣሽበርቲ– ንህዝቢ ኤርትራ ንምሽባር ዝጥቀምሉ መሳርሒ እዩ።



ድሕሪ ውድቅት ህ.ግ.ደ.ፍ፡ ሃገራዊ ሰራዊት ኤርትራ ከም ኩሎም ኣብ ዓለም ዘለዉ ሃገራውያን ሰራዊታት፡ ናይ ባዕሉ ደው ዝብለሉም ሃገራውያን ዕላማታት ክህልውዎ ግድን ይኸውን። ቐንዲ ዕላማታት ሃገራዊ ሰራዊት ኤርትራ እዞም ዝስዕቡ ክኾኑ እዮም፦

1. ምሕላው ሉኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ሃገረ–መግስቲ ኤርትራን።

2. ኣብ ኦሪታዊ ክርስትያናዊ ስራዓተ–ክብርታት፡ ሰረት ገይሩ ዝጸሓፍ ሃገራዊ ሕጊ ምክልኻል።

3. ንህዝብና፡ ካብ ኩሎም ተጻባእትን ኣሸበርትን ምክልኻል።

## ክፍልታት ሃገራዊ ሰራዊት

ኣብ'ዚ ግዜ እዚ 'ሃገራዊ ሰራዊት ኤርትራ' ሰለስተ ክፍልታት ኣለዎ። ንሳቶም ከኣ ሓይሊ-ባሕሪ፡ ሓይሊ-ምድሪን ሓይሊ-ኣየርን እዮም። ምስ እዚ ዓለም በጺሓቶ ዘላ ደረጃ፡ በዞም ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ ክፍሊታት ጥራይ ሃገራዊ ሰራዊት ኤርትራ፡ ንሃገረ ኤርትራ ክንከላኸል ስለዘይንክእል፣ ሓደን ኣገዳስን ክፍሊ ክውስኽሉ ኢዩ። ንሱ ከኣ ሓይሊ-ሳይበር(cyber defense force) እዩ። ስለ'ዚ ሃገራዊ ሰራዊት ኤርትራ፡ እዞም ዝሰዕቡ ክፍልታት ክህልውዎ እዮም፥

1. ሓይሊ-ምድሪ
2. ሓይሊ-ባሕሪ
3. ሓይሊ-ኣየር
4. ሓይሊ-ሳይበር

### ሃገራዊ ኣገልግሎት



ኣብ ኣገልግሎት ክብረት ኣሎ፣ ሓበን ኣሎ፣ ስልጣን ኣሎ፣ እዚ ግን ተረዴኡካን ብወለንታኻን ምስ ትገብሮ እዩ። ዝኾነ ዓቅሚ ኣዳም ዝበጽሐ ጥዑይ ዜጋ ንሃገሩ ዓሰርተ ሸሞንተ ኣዋርሕ ከገልግል ዝቀለለን ዝወሓደን እዩ። ዕድሙኡ ሙሉእ ተገዲዱ ከገልግል ግን ከቢድ እዩ። ከም ዝፍለጥ፡ ኣብ ሃገረ ኤርትራ ዘሎ ሃገራዊ ኣገልግሎት ንሙሉእ ዕድመካ ብድቁርናን ድክነት ጂሆ ዝሕዘካ፡ ፍረ ዘይብሉ ባርነት እዩ። ስለ'ዚ ማሕበር ሽውዓተ-7- ንሃገራዊ ኣገልግሎት ብሸም'ዚ ዝስዕብ ክትሕዞ ኢያ፥

ዝኾነ ዓቅሚ ኣዳም ዝበጽሐ -18 ዓመት ዝገበረ/ት- ሃገራዊ ግቡኡ ክፍጽም ግድን ይኸውን። እዚ ማለት፡ ወዲ-ተባዕታይ ሰለስተ ዓመት የገልግል፣ ጓል-ኣንስተይቲ ድማ ዓመትን ሹዱሽተ ወርሕን ከተገልግል እያ። ዝኮነ ዜጋ ሃገራዊ ግቡኡ ምስ ፈጸመ ናብ ንቡር ሂወቱ ክምለስ እዩ። ኣብ ሰራዊት ዝኣቱ ብዘይድልየቱ ዝተገፈፈ ዘይኮነስ፣ ብብቕዓት ተወዳዲሩ እዩ፣ ኣባል ሃገራዊ ሰራዊት ክኸውን።

## መደቤኛ ሃገራዊ ሰራዊት

ኣባል መደበኛ ሃገራዊ ሰራዊት ዝኸውን እዞም ዝስዕቡ ረቛሒታት ከማልእ ይግባእ፥

1. ዕድመ ካብ 21-49 ዓመት ክኸውን ኣለዎ።
2. ክብደቱን ቁመቱን ንውትህድርና ዝበቅዕ ክኸውን ኣለዎ።
3. ቋንቋ ትግርኛ ብግቡእ ዝመልኸ ክኸውን ኣለዎ።
4. ናይ ኤርትራ ዜግነት ክህልዎ ኣለዎ።

## ኢ'መደበኛ ሃገራዊ ሰራዊት

ዘይመደበኛ ሃገራዊ ሰራዊት ንብሎ፤ ንቡር ሂወቱ ዝመርሕ ኮይኑ፡ ንመደበኛ ሃገራዊ ሰራዊት ድርዒ ንሙኺን ዝዳሎ ሓይሊ እዩ። ብቑዕ ኮይኑ መታን ክርከብ ስሩዕ ዝኮነ ሰልጠናታት ክወሃቦ እዩ። ኣባል ኢ-መደበኛ ሃገራዊ ሰራዊት ዝኸውን ዕድሚኡ ካብ 21-63 ዓመት ክኸውን እዩ።

ግፋ -ሃገራዊ ሽበራ-

እዚ ሕጂ፡ ኣብ ኤርትራ ኣሎ ዝበሃል ዘሎ 'ሃገራዊ ሰራዊት'፣ መብዛሕቲኡ ተገፊፉ፡ ብዘይድልየቱ ብስም ሃገራዊ ኣገልግሎት ንባርነት ዝተሳጥሐ እዩ። ካብ'ዚ ኣትይዎ ዘሎ ዓዘቅቲ መዓስን ብኸመይን ከምዝገላገል ወይ ዝድሕን ኣይፈልጥን እዩ። እዚ ማለት ግን ሃገራዊ ወኒ የብሉን ማለት ኣይኮነን። ሃገራዊ ወኒ ግን ምስ ግዜ ከም ዝዳኸምን ዝሃስስን ክፍለጥ ይግባእ።

ኣብ'ዚ ክዝንጋዕ ዘይብሉ ውትህድርና ሞያ እዩ፣ ሓደ ሞያ ድማ ኩሉ ሰብ ክፈትዎ ኣይትግድዶን ኢኻ። ስለ'ዚ ኣብ ሃገራዊ ሰራዊት ኤርትራ፡ ኣባል ዝኾውን ድልየት ዘለዎ ጥራይ ዘይኮነስ፣ እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቅሱ ረቛሒታት ከማልእ ውን ክግደድ እዩ። ድሕሪ ምእላይ ኣሽባሪ ጉጅለ ህ.ግ.ደ.ፍ ህዝቢ ኤርትራ ብግፋን ወረ ግፋን ዝሸበረሉ ግዜ ከብቅዕ እዩ። ኤርትራ ድማ ብኣዝዮም ሕቡናትን ወለንታውያንን ወተሃደራዊ ሞያ ብዘሎዎም ደቃ ተኸቢራን ተሓፊራን ክትነብር እያ።

## ናይ መሬት ፖሊሲ

ብሄረ-ትግራይ፡ ደቀ'ባት ኤርትራ፡ ምስ መሬቶም ኣዝዩ ዓሚቕ መንፈሳዊ፡ ባህላዊ፡ ማሕበራውን ቁጠባውን ምትእስሳር'ዩ ዘለዎም። መሬት ንብሄረ ትግራይ፡ ዝሸየጥን ዝልወጥን ዘይኮነስ ኣካል መንነቱ ኢዩ። ህዝቢ ኤርትራ ኣብ መሬቱ፡ ኣብ ብምልእታ ኤርትራ፡ ዘሎ፡

ባህርያዊ ጸጋታት ክዕቅቦ፡ ክጥቀመሉን ክውንኖን መሰሉ ኢዩ።[9] ኣብ ኤርትራ መሬት ናይ ዓድታት እዩ። ዋላ’ውን እቲ መሬት ዶሚናለ-demaniale- ዝበሃል ቅድሚ ምግዛእቲ ጣልያን ናይ ዓድታት'ዩ ዝነበረ። ወራሲ ዓራት ስርዓት ሞሶሊኒ፡ ፋሽሽታዊ ስርዓት፡ ዝኾነ ህግደፍ ድማ እታ መሬት ዶምናለ ትብል ናብ ትግርኛ ቶርጒሙ “መሬት መሬት መንግስቲ” ኢሉ፣[10] መሬት ዓድታት ኣሕዲጉ ይሸይጥን ይልውጥን ኣሎ። ድሕሪ ምውዳቐ ጉጅለ ራዕዲ ህ.ግ.ደ.ፍ ግን መሬት ናብ ዓድታት ክምለስ እዩ። ብመንግስቲ ወይ ብሃብታማት ውልቀ-ሰባት ዝውነን መሬት ኣይክህሉን ኢዩ። ብዓንደ'ርእሱ ውን መሬት ኣይሽየጥን እዩ። ምኽንያቱ፡ መሬት ናይ ብሂወት ዘለዉ ጥራይ ዘይኮነ ናይ ወለዶታት እዩ።

---

[9] UN declaration on the rights of indigenous peoples. (2008) ***UN declaration on the rights of indigenous peoples*** (article 3, 25&26)<https://www.un.org/esa/socdev/unpfii/documents/DRIPS_en.pdf> (accessed 25-05-2021)
[10] The government of state of Eritrea, (1994) ***Macro Policy*** <https://www.eritreadigest.com/wp-content/uploads/2018/03/Eritrea-macro-policy.pdf> page 34-35

| | |
|---|---|
| | |
| | **መሬት ኣይሸየጥ፣ ኣይልወጥ፣ መሬት ክካረ ጥራይ'ዩ ዝኽእል።** |

### ኣጠቓቕማ መሬት

### ሀ.መሬት ዓድታት

ክሳብ ሎሚ መግቢ፡ ማይ፡ መብራህቲ–ዕንጸይቲ–፡ መንበሪ ገዛ–ህድሞ–፡ ህዝቢ ኤርትራ ካብ መሬቱ ብዝረኸቦም ጥረ–ነገራት ኢዩ፣

ዝጥቀም ዘሎ። እንተኾነ ግን ብሰንኪ ዘይውሕሉል ኣጠቓቕማን ብልሽውና ህ.ግ.ደ.ፍን፡ ህዝቢ ኤርትራ ኩሉ እቲ ካብ መሬት ዝረኸቦ

ዝነበረ ጸጋታት ካብ ግዜ ናብ ግዜ እንዳ ኣንቆልቆለ ይኸይድ ኣሎ። ብተወሳኺ ኣሸባሪ ጉጅለ ህ.ግ.ደፍ፡ መሬት ካብ ዓድታት ኣሕዲጉ ክዕቕቦን ከፍርየሉን ብዘይምኽኣሉ ውን ካልእ ተወሳኺ ሽግር ክፈጥር ኪኢሉ ኢዩ።

እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ሽግራት ክፍትሑ ዝኽእሉ፣ ኣብ መሬት ዓድታት ዘለዉ፣ ባህርያውያን ጸጋታት ከም ማይ፡ እንስሳታት፡ ሓመድ፡ ሑጻ፡ኣእማን ... ወዘተ፣ ብዓድታት ምስ ዝውንኑን ዝመሓደሩን ጥራይ እዩ። ኣብ መሬት ኤርትራ ዘለዉ ባህርያውያን ጸጋታት ናይ ዝሓለፉ፡ ናይ ዘለዉን ናይ ዝመትጹን ወለዶታት ርስቲ እዮም። ንምሳሌ፥ ዓድታት ሰርፀ፡ ኩዶ–ኣባዑር ወይ ሕንብርቲ ዶብ ኣለወን። መን መሬት ይግባኦ፣ ኣየናይ ቦታ ሕዛእቲ ይኸውን፣ ዝውስና እተን ዓድታት ኢየን። እዚ ማለት እተን ዓድታት ሉኡላውነት ኣለወን።

መዓስ እዚ ጥራይ፡ ዝኾነ ወደ'ባት ኤርትራ–ብሄረ–ትግራይ– ኣብ መረበቱ ሓመድ ኣዳም ክለብስ'ዩ ዝደሊ። በዚ ምክንያት ኢዩ፡ ደቀ'ባት ኤርትራ ምስ መሬቶም ዓሚቕ መንፈሳዊ ምትእስሳር ኣለዎም ንብል። መሬት ንዝሓለፉ ወለዶታት መንፈሶም ብዘይርብሽ፣ ንዘለዉ ስግኦምን መንፈሶምን ብዘዕግብ፣ ንዝመጹ ወለዶታት ድማ ብዘይጉድእ መገዲ ተጠቒምካ ሓላፍነት ብዝመልኦ መንገዲ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ክሰጋገር ይግባእ።

ምስ ዋንነት መሬት ዓድታት ክለዓል ዝኽእል ሕቶ፣ መን'ዩ ወዲ ዓዲ፧ ዝብል እዩ። ወዲ ዝኾነት ዓዲ ክትከወን ብትውልዲ ወዲ ዓዲ ሙዃን ኣየድልየካን እዩ። ናይ ኤርትራ ዜግነት ዘለዎ፡ ምስ ኣድራሽኡ'ዩ ዓዱ። ንኣብነት፡ ሓደ ወዲ ሕብርቲ ናብ ድግሳ ኣድራሻ እንተ ቐይሩ፣ ካብ'ታ ኣድራሻ ዝቀየረላ ግዜ ኣትሒዙ ወዲ ድግሳ እዩ። ብቐጥታ ድማ ካብ ሕንብርቲ ይሕከኽ።

## ለ.መሬት ዶሚናለ

ዶሚናለ-demaniale- ናይ ጥልያን ቅጽላዊ ቃል ኮይኑ፡ ትርጉሙ ድማ ናይ መንግስቲ ዋንነት ኢዩ፣ ዝገልጽ። መሬት ዶምናለ ማለት፡ መሬት መንግስቲ ማለት እዩ። ጥልያን ንምግዛእ መታን ክጥዕሞ ዳርጋ ⅔ ናይ መሬት ኤርትራ መንዝዑ ናይ መንግስቲ ኢሉ፣ ግዝኣቱ ንምድልዳል ተጠቒሙሉ። ህ.ግ.ድ.ፍ ድማ ብተማሳሳሊ መንገዲ ስልጣኑ መናውሒ ይጥቀመሉ ኣሎ።

ድሕሪ ጉጅለ ራዕዲ ህ.ግ.ድ.ፍ፡ እቲ ምብራቓዊ ጎላጉል ሓደሽቲ ከተማታት ብምጥያሽ ኩሉ ወደ'ባት ብርኪ ከም ዝህልዎ ክንገብር እዩ። እቲ ምዕራባዊ ጎላጉል ድማ ንሕርሻ ከገልግል እዩ። ብተወሳኺ ኤርትራ ንወታሃደራዊ፡ ንስነ-ፍልጠታዊ መጽናዕቲን ንሃገራዊ ሕዛእቲን ካብ መሬት ዶምናለ እያ፣ ክንጥቀም።

## ምዕቃብ መሬት

መሬት ምዕቃብ ዘድሊ መታን ካብ ድኽነት ስደትን ክንድሕን ጥራይ ኣይኮነን። ብዘይ መሬት  ሃገራዊ ቁጠባ፡ ሓያል መንነት፣ ሓበን ኮነ ክብረት ስለዘይለ ኢዩ። ብተወሳኺ፡ መሬት ንዝኾነ ወደ'ባት ኣካል መንነቱ ውን ኢዩ። ስለ'ዚ መሬት ምዕቃብ ብተዘዋዋሪ መንገዲ፡ መንነት ምዕቃብ፣ ንቐጻሊ ወለዶ እንታይነትካ ምውራስ ውን ኢዩ።

### ሀ.ማይን ሓመድን

ኤርትራ፡ ኣብ ትሮፒካዊ ዞባ -ትሕተ ሳሃራ ኣፍሪቃ- ስለትርከብ፣ ሓንቲ ካብተን ብምድረበዳነት፡ ፍግረ-መሬት፡ ዋሕዲ ዝናብ፡ ባልዕን ካልኦት ትሮፒካዊ ሕማማትን ዝጥቅዓ ሃገራት ሓንቲ ኢያ። ነዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ ሽግራት ንምፍታሕ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ቀንድን ወሳንን እዩ። ኤርትራ ኣብ'ዚ እዋን ብኣሸባሪ ጉጅለ ህ.ግ.ደ.ፍ ኣቢላ ፍግረ መሬት ኣብ ምቅልጣፍ ትርከብ ሃገር'ያ፣ ክበሃል ይከኣል። ምኽንያቱ፡ ህ.ግ.ድ.ፍ ብስም 'ሃገራዊ ሰራዊት' ጅሆ ሒዝዎ ዘሎ፡ ዝበዝሐ ክፋል ህዝቢ ኤርትራ፡ ገረብ ኣብ ምቑራጽ'ዩ ግዜ'ኡ ዘሕልፎ። ዋላ እቲ ከባቢ 80% ካብ ህዝቢ ኤርትራ ዝሸፍን ሓረስታይ ሕብረተ-ሰብ እንተኾነ ውን ዕለታዊ ናብርኡ ምስ ገረብ ምቑራጽ ዝተኣሳሰረ እዩ።

ብዘይ ማይን ሓመድን ሂወት ስለዘይለ፡ ማሕበር-7 ናብ ግሮባብቲ ሃገራት ዝግዕዝ ዘሎ ማይናን ሓመድናን ንምዕቃብ፣ ኣብ ኩለን ሩባታትና ናይ ሑጻ ሓጽብታት-sand dams-[11] ክትሃንጽ ኢያ። ብፍላይ ድማ፣ ኣብ ሩባታት ባርካ፡ ዓንሰባ፡ ጋሽን መረብን ብጻዕቂ ዓበይትን ናኢሽቱን ሓጽብታት ብምህናጽ ማይናን ሓመድናን ብምዕቃብ፣ ወሰናስን ሩባታት ኤርትራ ብሰብን እንስሳታትን ንኸትነብሮ ተባሃጊ ከም ዝኸውን ክትሰርሓሉ እያ።

## ለ. ማዕድናት

ማዕድን፡ ኣብ ቁጠባ ሓጋዚ ዝገብሮ ፊሒርካ ፊሒርካ ብምሻጥ ዘይኮነስ፣ ኣብ ሃገርካ ኣመስሪሕካ ክብሪ ከም ዝውስኽ ብምግባር እዩ። ኤርትራ ዘለዉዋ ማዕድናት፡ ካብ ሑጻ ክሳብ ወርቂ፡ ክብሪ ወሲኾም ኣብ ቁጠባኣ ዓቢ ለውጢ ከም ዝምጽኡ ክስርሓሉ ይግባእ። እዚ ግን ብዋጋ መጻኢቲ ወሎዶታት ክኸውን ኣይግባእን። ማሕበር -7፡ ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰ ኣብ ግምት ብምእታው ማዕድናት ኤርትራ ብዝግባእ ኣብ ጥቕሚ ክውዕሉን ክዕቀቡን ክትሰርሕ እያ። ምዕቃብን ምጥቃምን ማዕድናት ናይ ዓድታት፡ ዞባዊ መንግስትን ሃገራዊ

[11] Maddrell, Simon R., ***Sand Dams: A Practical & Technical Manual***. Excellent Development. June 2018.
ISBN: 978-1-9997263-0-0


መንግስትን ሓላፍነት ዝኸውን እዩ። ብሕግን ግሉጽቱነትን ድማ ይካየድ። ኣብ መሬት ኤርትራ ዘለዉ ማዕድናት ምዕቃብ ክንብል ከለና፣ ኣይንጠቐም ማለት ኣይኮነን። እንታይ ደኣ፡ ኣጠቓቕማና ንዝመጽእ ወለዶታት ኣብ ግምት ዘእተወ ክኸውን ኣለዎ፣ ማለትና ኢዩ።

## ቁጠባዊ ፖሊሲ

### ህሉው ቁጠባዊ ኩነታት ኤርትራ

ቁጠባ ኤርትራ፡ ካብ መወዳእታ 1990ታት ኣትሒዙ እንዳ ኣንቆሎቆለ ክኸይድ ድሕሪ ምጽናሕ፣ ኣብ'ዚ እዋን ካብ ኢድ ናብ ኣፍ ወይ ናይ ዕንጋሎ ቁጠባ ኮይኑ ተሪፉ'ሎ፣ ክበሃል ይከኣል። ኣስታት 80% ካብ ህዝቢ ኤርትራ ብሕርሻ ዝናበር'ኳ እንተኾነ፡ ንቡልሽው ምሕደራ ህ.ግ.ድ.ፍ ድርቂ ተደሪብዎ፡ ነብሱ ከዕንግል ኣይከኣለን ጥራይ ዘይኮነ ብዓንደርእሱ ብትካቦ'ዩ –ብሓዋላ'ዩ– ዝናበር። ብተወሳኺ ኤርትራ፡ ብሰንኪ ዝንቡዕ ቁጠባዊ ፖሊሲ መራሕቲ ህ.ግ.ደ.ፍ፡ ካብ ዓለም ተነጺላ ዜጋታታ ድማ ንሕሱም

ዜቤታዊ ዓመታዊ እቶት/ውልቀ ሰብ፡ ናይ ምዕዳግ ሓይሊ ዶላር ብብእዋኑ




//ምንጪ፡ ባንኪ ዓለም

ድኽነትን ስደትን ክቃልዑ ኪኢሎም እዮም። ዋላ'ኳ፡ ኣብ ኤርትራ ንህሉው ቁጠባዊ ኩነታት ኤርትራ፡ መረዳእታ ክኸውን ዝኽእል ተኣማኒ ወይ ተጨባጢ እስታትስቲካዊ መረዳእታ እንተዘይሃለወ። ብመሰረት ካብ ኣህጉራውያን ትካላት ዝረከብናዮ መረዳእታ፡ ኤርትራ 175% ካብ ጠቕላላ ዓመታዊ ዜቤታዊ እቶታ(gross domestic product) ዕዳ ኣለዋ[12]። እዚ ማለት ኤርትራ ምስ ዘለዋ ዘቤታዊ እቶት ብምንጽጻር ብደረጃ ዓለም ራብዐይቲ ዝበዝሐ ዕዳ ዘለዋ ሃገር ኮይና ተመዝጊባ ኣላ። መራሕቲ ህ.ግ.ደ.ፍ ክንዲ'ዚ ዝኣክል ዕዳ ንኤርትራ ኣሰኪሞማ ከይኣኽሎም፣ ኣብ ኩሎም ጽላታት ቁጠባ-ሕርሻ፡ ኢንዱስትሪ፡ ትምህርቲ፡ ጥዕና፡ ትሕተ-ቅርጺ፡ ዕደና... ወዘተ- ኣሉታዊ ውጺኢት ኣመዝጊቦሙላ እዮም።

## ቁጠባዊ ዕላማታት ማሕበር-7

ዕላማ ማሕበር-7 ሃገራዊ ክብረት ከረጋግጽ ዘኽእል፡ ፍልጠት ሰረት ዝገበረ ሓያልን ብዘላቒ ዝዓብን ቁጠባ ምፍጣር እዩ። ቁጠባ ክበሃል እንከሎ፡ ብዛዕባ ገንዘብ ጥራይ ኣይኮነን፣ ብዛዕባ መሰረታውያን ኣድለይቲ ነገራት ከም ማይ፡ መግቢ፡ መንበሪ ገዛ፡ ጽዓት፡ ኢንተርነት፡ ሓቤሬታ፡ መጓዓዝያ...ወዘተ ዘጠቓልል እዩ። ሰለዝኾነ'ዩ እምበኣር፡ ማሕበር-7 ኣብ'ተን ናይ መጀመርታ ሸውዓተ ናይ ድሕነት ዓመታት እዘን ዝስዕባ ዕላማታት ከተግብር ወጢኑ ዘሎ፦

---

[12] IMF, (2022) ***General government gross debt*** available at <https://www.imf.org/external/datamapper/GGXWDG_NGDP@WEO/ERI?year=2022> (reached 21-01.2022)

- ኤርትራ ብመግቢ ነብሳ ክትክእል።
- ኣብ ነብሲ ወከፍ ገዛ፡ ናይ መስመር ማይ ብዘላቅነት ኣገልግሎት ክሁብ።
- ኣገልግሎት ጽዓት፡ ኣብ መላእ ሃገር 24/7 ክህሉ።
- ቁልጡፍ ኣገልግሎት መራኸቢታት -ጾስጣ፡ ኢንተርነትን ስልኪን- ኣብ መላእ ሃገር ክህሉ።
- ኩሉ ሃገራዊ ግቡኡ ዝፈጸመ ዜጋ፡ ደረጃኡ ዝሓለወ መንበሪ ገዛ ክህልዎ።
- መላእ ህዝቢ ኤርትራ፡ ስሉጥ ኣገልግሎት መጓዓዝያን ክረኽብ።
- ኣብ ኤርትራ፡ ምስ እዚ ዘበን ዝኸዱ ናይ ትምህርትን ጥዕናን ትካላት ክህልው።

እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቅሱ ዕላማታት ኣብ ግብሪ ከይ ወዓሉ፣ ዝኾነ ኤርትራዊ ዜጋ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝነብር ድሕነት ክረክብ ኣይክእልን፤ ስለ'ዚ ኩሉ ህዝቢ ኤርትራ ንድሕነቱ ክቃለስ ክግደድ እዩ። ብፍላይ እዚ ኣብ ወጻኢ ሃገራት ዝነብር፡ ድሕነት ዝረኸበ፡ ኣካል ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ፡ ንድሕነት ህዝቡ ክቃለስ ክውደብ ይግባእ። ምኽንያቱ ድሕነት ከይተረኸበ ዝመጽእ ክብራት ወይ ሓርነት ስለዘይለ።

ድሕሪ ሸውዓተ-7 ናይ ድሕነት ዓመታት፡ ኤርትራ ናብ ሙሉእ ሓርነት ወይ ክብረት ተሰጋጊራ፡ ምስ ቀዳማይ ዓለም ክትሰራዕ ዘኽእላ ቁጠባ ክትፈጥር፡ ተወሰኽቲ ሸውዓተ ዓመታት የድሊይዋ። ነዚ ዝተጠቕሰ ዋና ዕላማ ንምትግባር፡ ማሕበር-7 ኣብ'ዞም ዝስዕቡ ጽላታት ቁጠባ ኣተኲራ ክትዓምም እያ፦

1. ማይን ጽዓትን
2. ትምህርቲ
3. ጥዕና
4. ስነ-ኪነት
5. ትሕተ-ቅርጺ
6. ኢንዱስትሪ
7. ሕርሻ

## ማይን ጽዓትን

ኣብ ኤርትራ፡ ብፍላይ ኣብ ከተማታት፡ ምስ ማይን ጽዓትን ጠቢቆም ዝጥቀሱ "ከይዳ፡ መጽያ" ዝብሉ ግስታት እዮም። እዚ ዘመልክቶ እንተ ሃልዩ፣ ኣብ መላእ እታ ሃገር ዘላቂ ናይ ማይን ጽዓትን ኣገልግሎት የለን ዝብል እዩ። እተን 90% ጽዓት ናይ ኤርትራ ዘመንጪዋ ናይ ነዳዲ መደበራት ሓይሊ ኤለክትሪክ ሕርጊጎን፡132 ሜጋ ዋት፡ በለዛን፡17 ሜጋ ዋት፡ ንከባቢ 35% ካብ ህዝቢ ኤርትራ ጥራይ እየን ኣታው ወጻእ ኣገልግሎት ጽዓት ዝህባ[13]። ብፍላይ እቲ ከባቢ 65% ካብ ህዝቢ ኤርትራ ዝሸፍን ኣብ ሃገረ-ሰብ ዝነብር ሕበረተ-ሰብ ከኣ እሞ፡ ጠቕላላ ካብ ኣገልግሎት ማይን ጽዓትን ዝተነጸለ እዩ[14]። እዚ ኣብ ሃገረ-ሰብ ዝነብር ሓረስታይ ሕብረተሰብ ኤርትራ፡ ከም ምንጪ ጽዓት ዕንጨይቲ ወይ ድጉሎ፣ ሰዓታት ተጓዒዙ ድማ ካብ ሩባታት ኣብ ኣእዱግ ጊርባ ጺዒኑ ረሳሕ ማይ ንዕለታዊ ናብርኡ ይጥቀም። ምጥቃም ዕንጨይቲ፡ ድጉሎ ወይ ኩቦ ከም ምንጪ ጸዓት፣ ከም'ኡ ውን ኣብ ፈቀድኡ ምሻን ብከላ ማይ፡ ኣየርን ሓመድን ከኸትል ግድን እዩ። ነዚ ንምፍታሕ ጉጂለ ራዕዲ ህ.ግ.ደ.ፍ ኣብ ናይ 30+ ዓመታት ናይ ስልጣን ዘመኑ ዝጥቀሱ ስራሓት ኣይተሰርሐን ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ናይ ማይን ጽዓትን ውን ከም ኩሎም ጽላታት ፈሺሉ እዩ።

---

[13] International Energy Agency, (2015) ***World energy outlook 2015*** Available at <https://iea.blob.core.windows.net/assets/5a314029-69c2-42a9-98ac-d1c5deeb59b3/WEO2015.pdf> (access 2022-03-13)
[14] World Bank, (2022) ***Rural population (% of total population)- Eritrea*** Available at <https://data.worldbank.org/indicator/SP.RUR.TOTL.ZS?end=2011&locations=ER&start=2011&view=map> (access 2022-03- 08)

ምፍታሕ ሕጽረታት ማይን ጽዓትን ይጽናሓለይ ዘይበሃሎ መሰረታዊ ሃገራዊ ጉዳይ እዩ፣ ምኽንያቱ ሕጽረት ማይን ጽዓትን ኣሎ ማለት ጽሩይ ማይ፡ ኣየር፡ ሓመድን ድምጽን የለን ማለት እዩ። ኣብ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ዝተበከለ ሃገር ዝነብር ዜጋ ድማ ኣፍራዪ ክኸውን ኣይክእልን እዩ። ስለዝኾነ'ዩ እምበኣር ማሕበር-7 ጸገማት ማይን ጽዓትን ምፍታሕ ናይ ቀዳምነት ቀዳምነት ሰሪዑ ንምፍትሑ ወጢኑ ዘሎ። ናይ ማይን ጽዓትን ሽግራት ንምፍታሕ ማሕበር-7 እዞም ዝስዕቡ ውጥናት ነዲፉ ኣሎ፥

- ዘላቕን ተበጻሕን ኣገልግሎት ጽዓት ኣብ መላእ ሃገር መታን ክህሉ፣ ምንጪ ጽዓት ሃገረ ኤርትራ ብዙሕነት ክህልዎ እዩ፣ ንኣብነት ከም ምንጪ ጸዓት ነዳዲ ጥራይ ንጥቀም ዝነበርና፡ ኣብ ዝመጽእ ከም ከሰል፥ኑክለሳዊ ጽዓት፡ ባህሪያዊ ጋዝ፡ ጽሓይ፡ ንፋስ..ወዘተ ከም ምንጪ ጽዓት ክንጥቀም ኢና። ምኽንያቱ ነዳዲ ካብ ወጻኢ ሃገራት እንዳ ኣእተኻ ዘላቂ ኣገልግሎት ጽዓት ክትህብ ስለዘይከኣል።
- ብሓፈሻ ብደረጃ ሃገር ዘለዉ መስመራት ማይን ጽዓትን-መስመራት ሓይሊ መብራህቲ- ኣዝዮም ግዜ ዝሓለፎም ስለዝኾኑ፡ ብሓደስቲ ምስ'ዚ ዘመን ዝኸዱ መስመራት ብምትካእ ኣብ መላእ ሃገር ውጽኢታዊን ዘላቕን ኣገልግሎት ማይን ጽዓትን ክህቡ እዮም።

- ኣገልግሎት ጽዓትን ማይን ብቑዕን ፈትሓውን ኣገልግሎት መታን ክህብ፡ ብቑዓት መራሕትን ሞያቴኛታትን ክምደብሉ እዮም።
- ኣብ ናይ ነብሲ ወከፍ ገዛ -ክሽነ፡ ዓይኒ-ምድርን መሕጸቢ ነብስን- እኹልን ቀጻልን ኣገልግሎት ማይ መታን ክህሉ፣ ንዘለና ማያዊ ጸጋ ብዘይ ምብካን ከጠቅም ዝኽእል ኣገባብ ኪነት ክተኣታቶ ኢዩ።

## ትምህርቲ

ኣብ ሃገረ ኤርትራ ዘሎ ስርዓተ-ትምህርቲ ምስ እዛ ኣሃዛዊት ዓለም ርክብ ዝበሃል ዘይብሉ፣ ኣዝዩ ድሑርን ዝተደረተን እዩ። ምክንያቱ፡ ኩሎም ኣብ ኤርትራ ኣለዉ ዝበሃሉ ኣፍለቕቲ ሓቤሬታ ወይ ፍልጠት -ተለቪዥን፡ ራድዮ፡ ጋዜጣ፡ ኢንተርነት...ወዘተ- ኣሽባሪ ጉጅለ ህ.ግ.ደ.ፍ ዝቋጻጸሮም እዮም። ከም ውጽኢቱ፡ ኣብያተ ትምህርቲ ኤርትራ ዘፍርይኦም ተማሃሮ ብፖለቲካዊ ኣመለኻኽታ ጉጅለ ህ.ግ.ደ.ፍ ዝተጸልዉ፡ ምስ'ዛ ዘመናዊት ዓለም ክሰጉሞም ዘኽእል ዕጥቂ ዘይብሎም እዮም። እቲ ዝወሃብዎ ትምህርቲ ክልሰ-ሓሳባዊን ግዜ'ኡ ዝሓለፎን ስለዝኾነ ምስ ሓቀኛ ዓለም ዝቃዶ ኣይኮነን። ስለዝኾነ'ዩ፡ ብቑዓት ሞያቴኛታት- መማህራን፡ ሓካይም፡ ማህንዲሳት፡ ጠበቃታት- ክፈርዩ ዘይከኣሉ።

ማሕበር-7፡ ነዚ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ድሕሩን ኣዝዩ ድሩቱን ስርዓተ-ትምህርቲ ካብ መሰረቱ ንምቅያር እዞም ዝስዕቡ ትልምታት ሓንጺጻ ኣላ፥

- ➔ብቑዓት ሞያቴኛታት መታን ክፈርዩ፡ ስርዓተ-ትምህርቲ ኤርትራ ምስ ኣህዛዊት ዓለም ክተኣሳሰር እዩ።
- ➔ህዝቢ ኤርትራ፡ ፍልጠት መታን ብቀሊሉ ክእኩብ ብቋንቋኡ-ትግርኛ- ክሳብ ዝለዓለ ደረጃ ትምህርቲ ክመሃር ክግበር እዩ።
- ➔ሕቡናት ተማሃሮ መታን ክፈርዩ፡ ኣስማት ተማሃሮን ዝለብስዎ ዲቪዛን ንባህልን መንነትን ብሄረ ትግራይ ዘንጸባርቕ ክኸውን እዩ።
- ➔ቋንቋ ግእዝ ንምዕባይ፡ ንብቋንቋ ግእዝ ዝተጻሕፉ ሓድግታት ንምርዳእ፡ ብዓቢኡ ከኣ ብቁዓት ካህናትን መማህራን ቋንቋ ግእዝን ንፍራይ ዝሕግዝ ሓድሽ ኮሌጅ ክኽፈት እዩ።

## መምህር

መምህር፡ ኣብ ሓደ ሕብረተ-ሰብ ዝጻወቶ ተራ ኣቕሊልካ ዝርአ ኣይኮነን። መምህር ንተማሃርኡ ሓቤሬታ ወይ ፍልጠት ክምግብ፣ ብዝቐለለ መንገዲ ከረድእን ኣርኣያ ክኸውንን ዝኽእል፣ እቲ ቀንዲ ካብ ድኽነት ምስ ዝገላገል እዩ። ብተወሳኺ፡ ነቲ ናይ ምምህርና ሞያ

ብጻዕሪ ምስ ዘጥረየ፣ ንዕኡ ዝበቅዕ ደመወዝ ዝኸፈል እንተ ኾይኑ ጥራይ'ዩ፤ ኣፍራዪ ክኸውን ዝኽእል። ኣብ ኤርትራ ግን፡ ኣሸባሪ ጉጅለ ህ.ግ.ደ.ፍ ናይ ኤርትራ ስርዓት ትምህርቲ ስለዝቐተሎ፣ መማህራን ብቑዓት ተማሃሮ ከፍርዩ ኣይክኣሉን። ምምህርና ከም ሞያ፣ ድማ ዝሓሰረ ሞያ ኮይኑ ንረኽቦ።

ማሕበር-7 ፡ ምምህርና ዝኸበረ ሞያ ከም ዝኸውን ክትገብር እያ። ነዚ ዝተጠቕሰ ንምግባር፡ መማህራን ዝለዓለ ደመውዝ ክኽፈሉ እዮም። ሞያ ምምህርና ድማ ናይ ብቑዓት ተማሃሮ ጥራይ ከም ዝውንንዎ ክግበር እዩ። እቶም ሕጂ ብዘይ ድልየቶም፡ ኣብ ዘይበቕዕዎ ሞያ ዝሰርሑ ዘለዉ፣ ኣገልግሎት ድማ ኣብ ዝበቕዕዎ ሞያ ክሰርሑ ምትሕብባር ክግበረሎም እዩ። እቶም ነቲ ሞያ ዝፈትውዎ ግን ከኣ ዓቕሚ ዝሓጽሮም ድማ ሰልጠናታት ብምሃብ ብቕዓቶም ከም ዘመሓይሹ ክግበር እዩ።


### ጥዕና

ኣብ ኤርትራ ዘሎ ናይ ጥዕና ትካላት-ክሊኒካት፡ ሆስፒታልን መወከሲ ሆስፒታልን- ብቑዕን ዘመናውን መሳሪሒታት፡ ትሕተ-ቅርጺ፡ ከም'ኡ ውን ብቁዓት ናይ ጥዕና ሰብ ሞያ ዘይብሉ፣ ካብ ኣብ ጎረባብቲ ሃገራት፡ ኢትዮጵያን ሱዳንን፡ ዘለዉ ናይ ጥዕና ትካላት ኣዝዩ ዝሓመቐ እዩ። ብመሰረት ፖሊሲ ማሕበር-7፡ ኣብ ኤርትራ ዝህልዋ ሆስፒታላት ኣብ ትሕቲ ወረዳዊ መንግስቲ ስለዝማሓደራ፣ ነብሲ

ወከፍ ወረዳ ይበቕዓኒ'ዩ ትብሎ ናይ ጥዕና ስርዓት ክትክተል ኢያ። እቲን ብዘባውያን መንግስታት ዝመሓደራ መወከሲ ሆስፒታላት ድማ ንኩሉ ዜጋ ብዝተሓተ ክፍሊት ብቁዕን ስሉጥን ኣገልግሎት ክህባ እየን። ብተወሳኺ፡ ኤርትራ ብደረጃ ዓለም ዝወዳደራ ናይ ጥዕና ትካላት መታን ክህልውኣ፡ መንግስቲ ኣብ ኮለጃት ጥዕና ገዚፍ ወፍሪ ክገብር እዩ።

## ስነ-ኪነት

ስነ-ኪነት፡ ሓቤሬታ ብዝቀልጠፈ ኣብ ምብጻሕ፡ ዝበለጸ ኣቕሓ ኣብ ምፍራይ፡ ስሉጥ ኣገልግሎት ኣብ ምቕራብ፡ ምዝውዋር ርእሰማል ክቕልጥፍን ውሑስ ኣገባብ ኣከፋፍላ ክህሉን ስለዝሕግዝ፣ ኣብ ምዕባላ ቁጠባ ሓንት ሃገር ዝህልዎ ጽልዋ ኣዝዩ ዓቢ እዩ። ይኹን እምበር፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዝሓለፈ ልዕሊ ሳላሳ ዓመታት ጸጋታት ኪነት ክቋደስ ዕድል ኣይረኸበን። ከም ውጺኢቱ ከኣ ተኣማንን እዋናውን ሓቤሬታ ኣይረኸበን፣ ዝጸዓረ እንተ ጸዓረ ኣፍራዩ ክሽውን ኣይበቕዐን ጥራይ ዘይኮነ ካብ እዛ ኣሃዛዊት ዓለም ውን ክንጸል ኪኢሉ እዩ።



ምኽንያቱ ሓደ ሚኢታዊት ካብ ህዝቢ ኤርትራ ጥራይ'ዩ ኣገልግሎት ኢንተርኔት ዝረክብ[15]

ማሕበር-7፡ ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰ ሽግራት ንምፍታሕ ኣብ'ተን ሸውዓተ ናይ "ድሕነት ዓመታት" ኢሉ ዝሰመየን፡ ኣብ መላእ ኤርትራ ዝሓየለን ዝቐልጠፈን ኣገልግሎት ኢንተርኔት ብምዝርጋሕ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ብዝቀለለ ተኣማንን እዋናውን ሓቤሬታ ከም ዝረክብ ክትገብር እያ። ብተወሳኺ፡ ህዝቢ ኤርትራ ጽሩይ ማይ፡ ሓመድ፡ ኣየር፡ ከም'ኡ ውን ዘይተበከለ ድምጺ ምታን ክህልዎ ምስ ዘለዉ እዋናውያን ናይ ኪነት ምዕባለ ክላለዮምን ክጥቀመሎምን ዕድል ክረክብ እዩ።

## ትሕተ-ቅርጺ

ትሕተ-ቅርጺ፡ ኣብ ምዕባለ ሓንት ሃገር ኣዝዩ ኣገዳሲ ኢዩ፣ ምኽንያቱ ዘመናዊ ትሕተ-ቅርጺ ስሉጥ ኣግለግሎት መጓዓዝያ፡ ጽዓት፡ ማይ፡ ኢንተርኔትን ስልኪን ክህልወካ ስለዝገብር። ኣብ ኤርትራ ኣሸባሪ ጉጅለ ህ.ግ.ደ.ፍ ስልጣን ካብ ዝጭብጥ ኣትሒዙ ናብራ ህዝቢ ከቃልል

[15] The world bank group, (2022) ***Individuals using the internet (% of population)- Eritrea*** Available at <https://data.worldbank.org/indicator/IT.NET.USER.ZS?locations=ER> ( access 2022-03-20)

ዝኽእል ትሕተ-ቅርጺ ኣይተሃንጸን። ጉጅለ ራዕዲ ህ.ግ.ደ.ፍ ኣብ ትሕተ-ቅርጺ ኣተኩሩ ክሰርሕ ዘይደለየሉ ቀንዲ ምኽንያት፣ ህዝቢ ኤርትራ መግቢ፡ ማይን ሓቤሬታን እንተ ረኺቡ፡ ህ.ግ.ደ.ፍ ኣብ ስልጣን ክጸንሕ ሰለዘይክእል እዩ።

ማሕበር-7 ክሃንጾም ወጢኑ ዘሎ ትሕተ-ቅርጽታት ምስ'ዛ ኣሃዛዊት ዓለም ዝከዱ፡ ተፈጥርኣዊ ሃብቲ ኤርትራ ብዝዕቅቡ መንገዲን ንዘላቂ ዕብየት ኣብ ግምት ዘእተዉ ክኾኑ እዮም። ማሕበር-7፡ ኣብ'ተን ሽውዓተ ናይ “ድሕነት ዓመታት" እዞም ዝስዕቡ ትሕተ-ቅርጺ ክትሃንጽ እያ።

## 1.ርእሲ-ከተማ

ርእሲ-ከተማ ሃገረ ኤርትራ፡ ኣብ ግዜ መግዛእቲ ጥልያን ኣስመራ፡ ኣብ ግዜ ህ.ግ.ደ.ፍ ድማ ዓዲ-ሃሎ ከም ርእሰ-ከተማ ኮይና ተገልግል ኣላ። እታ ብገዛእቲ ጥልያን ዝተሃንጸት ከተማ ኣስመራ ንመንነት ደቀ'ባት ዘዋርዱ ሓወልትታት፡ ሲነማታትን ኣስማት ክ|ከተማታትን ኣብ ውሽጣ ዝሓቖፈት ስለዝኮነት ርእሰ-ከተማ ክትከውን ኣይትኽልን። ብተወሳኺ፡ ንቀጻሊ ርእሲ ከተማ ኮይና ክትቅጽል ዘኽእላ ትሕተ-ቅርጺ ኮነ ኪነት ስለዘይብላ፣ ናይ ኢጣልያውያን ወጻእተኛታት መሐበኒት ክትከውን ክትግደፍ እያ።

ርእሲ-ከተማ ሃገረ ኤርትራ ማንታ ከተማታት ኮይነን "ኢዛናን ሳይዛናን" ተባሂለን ክስመያ እየን። ክልቲአን ከተማታት ማንትአን ኣሃዛውያን ከተማታት-Digital twin cities- ክህልውአን እየን። ከተማታት ኢዛናን ሳይዛናን፡ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ብልሽውና፡ ተነጽሎ፡ ድሕረትን ብከላን ብዝፍውስ መንገዲ ካብ ከተማ ባጽዕ ኣርብዓን ክልተን ኪሎ ሜትር ንደቡብ ክህነጻ እየን። ኣብ ኣዳባባያት እዘን ከተማታት ሓወልትታት ናይ ራእሲ ተሰማ ኣስመሮም፡ ወልድኣብ ወልደማርያም፡ ትኩእ ይሕደጎን ኪዳነ ክፍሉን ክትከል እዩ። ሲነማታተን ድማ ብስነ-ጥበባውያን ትካቦ ወልደማርያም፡ ኣቶብርሃን ሰጊድ፡ የማነ ገብረሚካኤል-ባርያ-፡ ጽሃይቱ በራኺ፡ ተብርህ ተስፋሁነይን ኣብርሃም ኣፈወርቂን ክስመ እዩ።

2. ምህናጽ ኣባይቲ

ንወዲ-ሰብ፡ መንበሪ ገዛ ናይ ድሕነቱ መሰረት እዩ፤ ምኽንያቱ፡ ወዲ-ሰብ ብዘይመጽለሊ ሂወት ክህልዎ ስለዘይክእል። እንተ ኣለዎ ከኣ ኣዝዩ ዝሓመቐ ሂወት'ዩ፡ ክህልዎ ዝኽእል። ንምሳሌ፡ ኣብ ኤርትራ እንተ ሪኢና፡ ብፍላይ እቲ ሓረስታይን ድኻ ከተመኛን መንበሪ ገዛ የብሉን። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ከባቢ 90% ካብ ህዝቢ ኤርትራ፡ ጥዑይ መንበሪ ገዛ የብሉን። ናይ'ቶም ሰብኽሳግም ከኣ'ሞ ዘረባ የብሉን።

ሕቶ ኣብይቲን ካልእን ከይምልስ፣ ኣሸባሪ ጉጅለ ህ.ግ.ድ.ፍ፡ እዚ ዝሓለፈ ሳላሳ ዓመታት ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ምሽባር ስለዘሕለፎ፣ ኣባይቲ ክሃንጽ ኣይክኣለን። ስለዝኾነ፡ ህዝቢ ኤርትራ ድሕነቱ ኣብ ሓደጋ ክወድቕ ኪኢሉ።

ሕቶ ኣብይቲ፡ ሕቶ ድሕደት ስለዝኾነ፡ ይጽናሓለይ ዝበሃሎ ኣይኮነን። ነዚ ዝተረደአት ማሕበር-7፡ ኣብተን ፈለማ ናይ ድሕነት ዓመታት ጥራይ፣ ደረጅኡ ዝሓለወ ሓደ ሚልዮንን ኣርባዕተ ሚኢቲ ሽሕን(1 400 000) ኣባይቲ ክትሃንጽ እያ። እቲ ዝህነጽ ኣብይቲ መስመር ጽሩይ ዝስተ ማይ፡ መስመር ጽዓት፡ መስመር ኢንተርኔት፡ መትረብ ረሳሕ ፈሳሲ፡ ቅርዓታት፡ ናይ ስፖርት ማእከላት... ወዘተ ዘማልአ ኮይኑ፤ ድሕነት ነበርትን ተፈጥራዊ ሃብትን ኣብ ግምት ዘእተወ፣ ቀጸልቲ ወለዶታት ድማ ከማሓይሽዎን ከማዕብልዎን ብዝኽእልሉ መንገዲ ክህነጽ እዩ።

### 3. መራኸቢታት

ኣብ ምዕባሌ ሓደ ሕብረተ-ሰብ ሓቤሬታ ወይ ፍልጠት ኣዝዩ ወሳኒ ስለዝኾነ፣ ትሕተ ቅርጺ መራኸቢታት-ተሌኮሚኒከሽን- ምህናጽ ድማ ብቐዳምነት ክስረሓሉ ናይ ግድን እዩ። ሰለዝኾነ'ዩ እምበኣር ማሕበር-7፣ ህዝቢ ኤርትራ መታን ኣብ መንግኡን ዓለምን ዘሎ ሓቤሬታ ብዝቀልጠፈ ክበጽሖን ክግልገለሉን ኣብ'ተን ሸውዓተ ናይ ድሕነት ዓመታት ናይ መራኸቢታት ትሕተ-ቅርጺ ብቐልጡፍ ክትሃንጽ ተሊማ ዘላ።

### 4. መንገዲ ባቡር

መንገዲ ባቡር፣ ኣብ ኤርትራ ገዛእቲ ጣልያን ንግዝኣቶም ከስፍሑ'ኳ እንተ ኣእተውዎ፤ ብድሕሪኦም ግን ኣብ ኣገልግሎት ክውዕል ኣይከኣለን። ማሕበር-7፣ ካብን ናብ ኩለን ከተማታት መስመር መንገዲ ባቡር ብምዝርጋሕ ስሉጥ ኣገልግሎት መጓዓዝያ ከም ዝህሉ ክገብር እዩ።

## 5. ጽርግያታትን ኣገልግሎት ቡስጣን

ኣብ ኤርትራ፡ እተን ቀንዲ ኣለዋ ዝብሃላ ዝኣረጋ ጽርግያታት፡ ኣብ ግዜ መግዛእቲ ጣልያን ዝተሰርሓ እየን። እቶም ጉጅለ ራዕዲ ህ.ግ.ደ.ፍ ዓመት መጸ ዝጽሕትሮም ናይ ሓመድ ጽርግያታት ድማ ፍግረ-መሬት ካብ ምቅልጣፍ ሓሊፎም ንህዝቢ ናይ መጓዓዝያ ሽግራቱ ዝፈትሕሉ ኣይከኣሉን። ነዚ ተረዲኣ ማሕበር-7 ናብ ነብሲ ወከፍ ወረዳ ዝኣቱ ናይ ቅጥራን ጽርግያ ንምህናጽ ወጢና ኣላ። ከም'ኡ ውን፡ ኣገልግሎት ቡስጣ ምስ ምስፋሕ ናይ ቅጥራን ጽርግያታት ኣገልግለቱ ክስፍሕ እዩ። ኣብ'ተን ናይ መጀመርታ ሸውዓተ ዓመታት፡ ኣብ ነብሲ ወከፍ ወረዳ ስሉጥ ኣገልግሎት ቡስጣ ከም ዝህሉ ክግበር እዩ።

## 6. መዓርፎ ነፈርቲ

ኣብ ኤርትራ ሓሙሽተ መዓርፎ ነፈርቲ-ኣስመራ፡ ባጽዕ፡ ዓሰብ፡ ተሰነይን ኣቁርደትን- እኳ እንተ ሃለዋ ዘመናውያንን ተወዳደርትን ግን ኣይኮናን። ማሕበር-7 ኣብ ልዕሊ እተን ዘለዋ ሓሙሽተ መዓርፎ ነፈርቲ ካልእ ክልተ ተወሰኽቲ መዓርፎ ነፈርቲ ኣብ መንደፈራን ዓዲ-ቐይሕን ክሃንጽ እዩ።

## 7. ወደባት

ኤርትራ፣ ከባቢ ሓደ ሽሕን ክልተ ሚኢትን ኪሎ ሜትር ዝንውሓቱ ገምገም ባሕሪን ክልተ ወደባትን–ባጽዕን ዓሰብን– እትውንን፣ ኣዝዩ እስትራተጂካዊ ጂኦግራፍያዊ ኣቀማምጣ ዘለዋ ሃገር እያ። ይኹን እምበር፡ ኤርትራ ዘለዋ ጸጋታት ባሕርን ወደባትን ብዝግባእ ክትጥቀመክሉ ኣይክኣለትን። እዚ ዝኾነሉ ቀንዲ ምኽንያት፡ ስርዓት ዓዲ–ሃሎ ንስልጣኑ ክብል ንህዝቢ ኤርትራ ሃብቲ ከይገብር፡ ሓቤሬታ ከይረክብን ተቋዳሲ ናይ ጸጋታት ኪነት ከይከውን ካብ ዓለም ነጺሉ ጅሆ ስለዝሓዛ እዩ።

ኣብ ወዳባት ዝለዓለ ቁጠባዊ ምንቅስቓሳት ከም ዝካየድ ብሩህ እዩ። ድሕሪ ስርዓት ዓዲ–ሃሎ፡ ኤርትራ ሰለስተ ብዘመናዊ ኣገባብ ዝተሃንጻ ወደባት–ማርሳ ጉልቡብ፡ ምጽዋዕን ዓሰብን– ክህልውኣ እየን። ማርሳ ጉልቡብን ምጽዋዕን ንኤርትራ ጥራይ ዘገልግላ ክኾና እንክለዋ፣ ወደብ ዓሰብ ግና፡ ረብሓ ኤርትራ ብዝሕሉ መንገዲ 'ኢትዮጵያ' ፡ ትሃሉ ትበተን፡ ክትግልገለሉ ክፍቀደላ እዩ። ብተወሳኺ ኤርትራ ብወደብ ዓሰብ ኣቢላ ኣብ መጻብቦ ባብኤልመንደብ ዘባውን ኣህግራውን ጽልውኣ ከተሐይል እያ።

## ኢንዱስትሪ

ኣብ ኤርትራ፡ ኢንዱስትሪያውነትን ከተማውነትን ኣብ ግዜ መግዛእቲ ጥልያን'ዩ ጀሚሩ፣ ምስ ምውጻእ ጥልያን ድማ ሓሚሙ፣ ኣብ ግዜ መግዛእቲ እንግሊዝን ኣምሓራን ድም ኣዝዩ ተዳኺሙ፣ ኣብ ኢድ ስርዓት ዓዲ-ሃሎ ድማ ዓሪፉ። ኣብ ኤርትራ ዝነበሩ ፋብሪካታት ዘይቲ፡ መልጎም፡ ፓስታ፡ ስጋ፡ ዓካት፡ ቆርበት፡ ትንባኾ… ወዘተ ዓንዮም፣ መንበሪ ሳሬት ኮይኖም። ብሕጽር ዝበለ፡ ኣብ ኤርትራ ብጀካ ናይ ዕደና ፋብሪካታት፡ ቢሻን ዛራን፡ ዝኾነ ኢንዱስትርያዊ ንጥፈታት የለን። ናይ ዕደና ኢንዱስትሪ ድማ ዘለካ ባህርያዊ ጸጋታት ካብ ምጉሕጓሕ ሓሊፉ ዘምጽኦ ቁጠባዊ ፋይዳ የብሉን።

ከም ዝፍለጥ፡ ኢንዱስትርያውነትን ከተማውነትን ከም ናይ ሓንቲ ስንቲም ክልተ ገጻት እዮም። ስለዝኾነ፡ ኣብ ሃገረ ኤርትራ ሽውዓተ ዓበይቲ ኢንዱስትራውያን ከተማታት ክንህነጸ እየን። ማሕበር-7 ነዚ ዝተጠቕሰ ዕላምኡ ኣብ ግብሪ ንምትርጓም ዝኽተሎ ኢንዱስትርያዊ መርሓ ጎደና፡ ኣብ ዘመናዊ ኪነት ሰረት ዝገበረ፡ ሓምላይን ብዘላቒ ዝዓብን እዩ። ኣብ'ተን ከተማታት ዝህሉ ማይ፡ ሓመድ፡

ኣየርን ድምጽን መታን ከይብከል ድማ፡ ደረቕን ፈሳስን ጉሓፍ፡ ናይ ኢንዱስትሪታት ከሚካላት፡ ዳግም ኣብ ስራሕ ከም ዝውዕል ክግበር እዩ። ድምጺ ከይብከል ድማ፡ ካብ ሰብዓ ደሲ ቤል-70 db- ንላዕሊ ድምጺ ብሕጊ ዘሕትት ክኸውን እዩ።

## ሕርሻ

ሓረስታይ ኤርትራ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓሰርተታት ዓመታት፡ ናይ ዓመት ቀለቡ ከፍሪ ኣዝዩ ክሽገር ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብ'ዚ እዋን ቀለብ ዓመቱ ከፍሪ ኣብ ዘይክእለሉ ደረጃ በጺሑ ይርከብ። እዚ 65% ካብ ህዝቢ ኤርትራ ዝኮነ፡ ኣብ ሃገረ-ሰብ ዝነብር ክፋል ሕብረተ-ሰብ፣ ኣብ ኣዝዩ ሕሱም ድኽነት እዩ ዝነብር፣ ምኽንያቱ እቲ 37% ኣብ ሃገረ-ሰብ ዝነብር ተመሲሑ እንታይ ከም ዝድረር ኣይፈልጥን እዩ[16]። እዚ ዝኾነሉ ቀንዲ ምኽንያት፡ እቲ ኣብ ኤርትራ ንልዕሊ ሳላሳ ዓመታት ስልጥን ሒዙ ዘሎ ጉጅለ ዝተኸተሎ ቁጠባዊ መርሓ ጎደና እዩ። ናይ ጽዓት ሽግራት ስለዘይተፈትሐ፡ ኣግራብ ንዕንጨይቲ ተባሂሎም ይቁረጹ። ናይ ዓሳ ሕርሻ መንግስቲ ስለዝተቆጻሰሮ፡ ኣድማዒ ክኸውን ኣይከኣለን። ስርዓት ዓዲ-ሃሎ ምስ ድርቂ ብምትሕብባር ብቐጻሊ ኵናት ስለዝጻሕተረ፡ ዝነብሩ ጫካታትን እንስሳ ዝገዳምን ኣዝዮም

[16] IFAD, (2022) ***Eritrea*** Available at <https://www.ifad.org/en/web/operations/w/country/eritrea> (access 26-03-2022)

ክጉድኡን ክበርሱን ኪኢሎም። ብተወሳኺ፡ ኣብ ዘመነ ህ.ግ.ደ.ፍ 55% ካብ ብገረብ ተሸፊኑ ዝነበረ መሬት ኤርትራ፡ ብፍላይ ኣብ ጋሽ-ባርካ፡ በረሱ ደረቕ መሬት ኮይኑ[17]። ከም ወጺኢቱ፡ ኤርትራ ብመግቢ ነብሳ ክትክእል ኣይክኣለትን።

ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘረ ሽግራት ንምፍታሕ ማሕበር ሸውዓተ-7- እዚ ዝስዕብ ውጥን ኣዳልያ ኣላ፥

- 70% ካብ ኣብ ሕርሻ ዝነጥፍ- ዓሰርተ ኣጣል ውይ ኣባጊዕ፡ ጽምዲ ብዕራይን ሓደ ኣድጊን ዝውንን- ክፋል ማሕበረ-ሰብ ኤርትራ፡ ኣብ ኢንዱስትሪን ካልኦት ጽላታት ቁጠባን ከም ዝሰርሕ ክግበር እዩ።
- ኣብ ነብሲ-ወከፍ ወረዳ ዘለዋ ጥሪት ተኣኪበን ኣብ ኢድ ውሑዳን ሰብ ርሰማል ከም ዝኣትዋ ክግበራ እየን።
- ናይ ዓሳ ሕርሻ ብብሕታውያን ኩባንያታት ከም ዝዕመም ክግበር እዩ።
- ማይን ሓመድን መታን ክዕቀብ ነጠብታዊ መስናኣዊ ኣገባብ ማሕረስ ብስነ-ፍልጠታዊ መንገዲ ከምዝካየየድ ክግበር እዩ።

## መርሓ ጎደና ዓቢ-ስእሊ ቁጠባ ኤርትራ

---

[17] Global Forest Watch, (2022) ***Tree cover loss in Eritrea*** Available at <https://www.globalforestwatch.org/map/> (access 26-03-2022)

ኣብ ዝኾነ ሕብረተ-ሰብ ሓደ ሽግር ኣሎ፡ ሕጽረት ጸጋትታ። ነዚ ዝተጠቐሰ ሽግር ንምፍታሕ፡ ኣብ'ዚ እዋን ዝበዝሓ ሃገራት ዓለም ዝተሓናፈጸ ቁጠባዊ ስርዓት እየን ዝኽተላ። ኤርትራ ትርከበን ውሑዳት ሃገራት ከም በዓል ሰሜን-ኮርያ ዝኣመሰላ ድማ ብእዝን ቁጽጽርን መንግስቲ ዝካየድ ስርዓተ-ቁጠባ እየን ዝኽተላ። ብእዝን ቁጽጽርን ዝምራሕ ስርዓተ-ቁጠባ፡ ዴሳዊ ቁጠባዊ ስርዓት፡ ቁጠባዊ ንጥፈታት ይግድብ፣ ተወዳዳሪ ንብረትን ኣገልግሎትን ከፍሪ ኣይክእልን፣ ናይ ፈጠራውነትን ምውድዳርን ምንፈስ ይቐትል። ከም ውጽኢቱ ድማ ህዝቢ ኣደዳ ሕሰምን ድኽነትን ከም ዝኸውን ይገብር።

ማሕበር-7 ኣብ ኤርትራ ክኽተሎ ወጢኑ ዘሎ ቁጠባዊ ስርዓት፡ ሓንፈጽ ቁጠባዊ ስርዓት እዩ። ምኽንያቱ፡ ሓንፈጽ ቁጠባዊ ስርዓት ንዜጋታት ናጽነት ስለዝህብ፡ ዜጋታት ብቐሊሉ ፍልጠት ደሊቦም መሃዝትን ኣፍረይትን ክኾኑ ስለዝሕግዝ። ኣብ ሓፈሻዊ ቁጠባዊ ንጥፈታት ኤርትራ ዝሕታለ ምስ ዘጋጥም ወይ ንኸየጋጥም ድማ ማሕበር-7 በዚ ዝስዕብ ናይ ወፍሪ፡ ገንዘብ፡ ፋይናንስን ንግድን ፖሊሲታት ከም ዝፍወስ ክገብር እዩ።

## ወፍሪ

ኣብ ኤርትራ፡ ወፍሪ ንኽተባባዕን ናይ ግዳም ርእሰ'ማል ናብ ኤርትራ ክውሕዝን እንተኮይኑ፡ ተኣማኒ መንግስቲን ዘመናዊ ትሕተ-ቅርጺ ምህናጽን ከም ዘለዎ ኮይኑ፣ ዝቐባቤ ትሕቲ 2% ኮይኑ ክቐጽል፡ መጠን ወለድ ትሑት ክግበር እንተኺኢሉን ቀረጽን ካልኦት ናይ ሙስራ'ቤታት ዕንቅፋታት እንተ ተኣልዮም ጥራይ እዩ። ብተወሳኺ፡ ማሕበር-7 ኣብ ኤርትራ ዘላቒ ቁጠባዊ ዕብየት መታን ክረጋገጽ ብሕታውያን ትካላት ዝዝውርኦ ቁጠባዊ ወፍሪ ክኽተል እዩ። መንግስቲ፡ ኣብ ወፍሪ ኣዝዩ ዝተደረተ ምትእትታው ክህልዎ እዩ፣ ምኽንያቱ መንግስቲ ኣብ ወፍሪ ብዝተሳተፈሉ መጠን ቁጠባ ስለዝዳኸም። መንግስቲ፡ ከባቢ ካብ ዕንወት ወይ ብከላ ኣብ ምክልኻል፣ ነኣውፈርቲ ውሕስነት ኣብ ምሃብ፣ መሰል ሰራሕተኛታት ኣብ ምኽባር፣ ግብሪ ኣብ ምእካብ ዝኣመሰሉ ንጥፈታት ጥራይ ክዓምም እዩ።

## ገንዘባዊ ፖሊሲ

ገንዘባዊ ፖሊሲ፡ ኣብ ኤርትራ ሓላፍነት ናይ ሃገራዊ-ባንኪ ክኸውን እዩ። ቀንዲ ዕማም ሃገራዊ-ባንክ ኤርትራ ዝቐባበ ምቁጽጻርን ዝተረጋግአ ዕዳጋ ክህሉ ምግባርን እዩ። ሃገራዊ-ባንክ ኤርትራ ብዝግባእ መታን ሓላፍነቱ ክዋጻእ ነጻን ገለልተኛን ክኸውን እዩ። ብተወሳኺ ንጥፈታት ሃገራዊ-ባንክ ኤርትራ፡ ንህዝብን መግስትን ኤርትራ ግልጺ ክኸውን እዩ፣ ንኣብነት ንመጠን ሕትመት ገንዘብ ዝምልከት በብእዋኑ ግልጺ ክግበር እዩ።

## ፋይናንሳዊ ፖሊሲ

ዋና ዕላማ ገንዘባዊን ፋይናንሳዊን ፖሊሲታት ንቁጠባዊ ዝሕታለ-ዝቐባበ፡ ናህሪ ዋጋታትን ሸቐለት ኣልቦነትን- ምፍዋስ እዩ። እንተኾነ ግን፡ መንግስቲ ብመንገዲ ግብርን መንግስታዊ ወጻኢታትን ገይሩ ቁጠባዊ ዝሕታለ ክፍውስ ኣይክእልን እዩ። ክፍውስ እንተ ፈቲኑ ከኣ ንፖለቲካዊ ጥሙሓቱን ስልጣኑን ብዘገልግል መንገዲ እዩ፣ ዝፍጽሞ። ስለዝኾነ'ዩ ማሕበር-7 ምፍዋስ ቁጠባዊ ዝሕታለ ንሃገራዊ-ባንኪ ትገድፈሉ።

## ንግዳዊ ፖሊሲ


ህዝቢ ኤርትራ፡ ብፍላይ ድማ ብሄረ-ትግራይ፡ ኣብ ታሪኹ ዝነውሐ እዋን ምስ ንግዲ ዝተኣሳሰረ ናብራ እዩ፣ ነይርዎ። እንተ'ኾነ ግን ሉኡላውነቱ ምስ ኣረጋገጸ፡ ካብ ናይ ንግዲ ዓለም ተነጺሉ ጸኒሑ ኣሎ። እዚ ዝኾነሉ ቀንዲ ምኽንያት ጉጅለ ራዕዲ ህ.ግ.ደ.ፍ ንህዝቢ ኤርትራ ኣፍሪዩ ኣብ ናይ ንግዲ ዓለም ንጥፈታት ከይሳተፍ ጨቀኑ ስለዝሓዞ እዩ። ከም ውጺኢቱ፡ ኤርትራ ኣብ'ዚ እዋን ኣፍርያ ትሸጦ ዝኾነ ይኹን ንብረት ወይ ኣገልግሎት የሎን። እቲ ኣዝዩ ዘሕዝን፡ ኤርትራ ኣብ'ዚ እውን ማዕድናታ ተባሒጉ ብዘይገለ ክብሪ ምውሳኽ

ናብ ሃብታማት ሃገራት ይሸየጥ ምህላዉ እዩ። ስርዓት ዓዲ-ሃሎ እዚ ኩሉ ካብ ሸያጥ ማዕድናት ዝረኸቦ ገንዘብ ኣብ ምንታይ የውዕሎ ውን ዝፈልጥ ሰብ የለን። ብተወሳኺ፡ ዋላ'ኳ ስርዓት ዓዲ-ሃሎ ኣብ ዕዳታት ዓለም ባህርያዊ ጸጋታት ኤርትራ ሸይጡ እንተረብሐ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ግን ሽግራቱ ካብ ምግዳድ ሓሊፉ ዝህቦ ፋይዳ የብሉን፣ ምኽንያቱ፡ ኣብ ዓለም መንግስቲ ከይሃነጸት ባህርያዊ ጸጋታታ ጥራይ ሸይጣ ዝሃብተመት ዝኾነት ትኹን ሃገር የላን። ንኣብነት ኣብ ኤርትራ መንግስቲ ስለዘይተሃንጸ፡ ህዝቢ ኤርትራ ብውዱብ ንግዲ ዓለም ክእመን ኣይክኣለን። ስለዝኾነ'ዩ ኤርትራ ኣባል ውዱብ ንግዲ ዓለም ክትከውን ዘይከኣለት።

ኣብ ዓለም ዝኾነት ትኹን ሃገር ኩሉ ዘድልያ ነገራት ከተፍሪ ስለዘይትኽል፣ ምስ ካልኦት ሃገራት ክትነግድ ናይ ግድን ይኸውን። ብፍላይ ከም ኤርትራ ዝኣመሰላ ናእሽቱ ሃገራት ከኣ'ሞ ኣዝዩ ንእሽቶይ ዘቤታዊ ዕዳጋ ስለዘልወን፡ ኣብ'ቲ ዓቢ ዕዳጋ ዓለም-ሰሜን ኣመሪካ፡ ምዕራብ ኤውሮጳን ምብራቕ ኤስያን- ክሳተፉ ተኣማኒ መንግስታዊ ትካላት ክሃንጻ ናይ ግድን እዩ። ስለዝኾነ'ዩ እምበኣር፡ ማሕበር-7 ምህናጽ መንግስቲ ናይ ቀዳምነት ቀዳምነት ዕላምኡ ገይሩ ንምትግባሩ ዝቃለስ ዘሎ። ድሕሪ ተኣማኒ መንግስቲ ምህናጹ፡ ማሕበር-7 ንኤርትራ ኣባል ውዱብ ንግዲ ዓለም ክገብራ እዩ። ብድሕሪ'ዚ ኤርትራ፡ ናይ'ተን "ኣርባዕተ ናይ ኤስያ ኣናብር" ተባሂለን ዝጽውዓ ሲንጋፖር፡ ሆንኮንግ፡ ታይዋንን ደቡብ ኮርያን ዝተኸተልኦ ብሰደድ ዝዝወር ቁጠባ ተኸቲላ፣ ካብ መጸወድያ ድኽነት ከተምልጥ እያ። ብተወሳኺ፡ ኤርትራ ንዘለዋ ኣዝዩ ኣገዳሲ ጂኦግራፍያዊ ኣቀማምጣ ተጠቒማ፡ ኣብ ጎረባብቲ ሃገራት ዘለዉ ባህርያውያን ጸጋታት -ነተን

ሃገራት ብዘይጎድእ መንገዲ- ክትረብሓሎም ክትሰርሕ እያ። ካልእ ኤርትራ ብንግዲ ኣቢላ ኣብ ቀዳማይ ዓለም ዘሎ፡ ናይ ኪነት ምዕባሌን ርእሰ'ማልን ብቕልጡፍ ክተሰጋግሮ እያ።

ንግዳዊ ስእሊ ኤርትራ|| ምንጪ: *world integrated trade solution*



## ናይ ወጻኢ ፖሊሲ

ኣብ'ዚ እዋን፡ ንኤርትራ ካብ ዓለም ነጺልዋ ዘሎ ቀንዲ ምኽንያት፡ ኢ-ግብራዊ ዝኾነ “ህንጻት ሃገር” ወይ ብሄር ዝብል ናይ ህ.ግ.ደ.ፍ ዝፈፈሸለ ዘቤታዊ ፖሊሲ እዩ። እዚ “ህንጻት ሃገር” ዝብል ፖሊሲ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ብዙሕ ዋጋ ኣኽፊሉዎ እዩ። ገለ ካብ'ኡ ንምጥቃስ፥ ምስ ኢትዮጵያ ኣብ ዝተገብረ ኲናት፡ ድሕሪ ኤርትራ ሉኡላውነታ ምርግጋጻ ጥራይ፡ ኤርትራ ኣብ ዝሓለፈ ዓሰርተታት ዓመታት ብኣሽሓት ዝቁጸሩ ዜጋታታ ሃሊቆማ እዮም፣ ህዝቢ ኤርትራ ንኣዝዩ ሕሱም ድኽነት ተቓሊዑ፣ ከባቢ ሓደ ሲሶ ካብ ህዝቢ ኤርትራ ተሰዲዱ፣ ኣብ መወዳእታ ህዝቢ ኤርትራ መንግስቲ ኣልቦ ኮይኑ ተሪፉ። እዚ ኩሉ ዝኾነሉ ቀንዲ ምኽንያት፡ እቲ ዝንቡዕ ዘቤታዊ ፖሊሲ ህ.ግ.ደ.ፍ፡ ንመራሕቲ ህ.ግ.ደ.ፍ ምስ ሓቀኛ ዓለም ከም ዝጋጨዉ ስለዝገበሮም እዩ።

ማሕበር-7 ንኤርትራ ካብ'ዚ ኣትያቶ ዘላ ዓዘቕቲ ንምውጻእ፡ ዜቤታዊ ፖሊሲ ኤርትራ ቀንዲ ሕመረቱ “ህንጻት መንግስቲ” ከም ዝኸውን ክትገብሮ እያ። ናይ ወጻኢ ፖሊሲ ማሕበር-7 ድማ ንናይ ኤርትራ ሃገራዊ ረብሓ-ጸጥታ፡ ቁጠባ፡ ትግረዋይ ብሄራዊ መንነት፡ ብዝሒ ብሄረ-ትግራይን ምክልኻል ምድረ'በዳነትን- ኣብ ዞባ ቀርኒ'ኣፍሪቃን ዓለምን ብዝሕሉ መንገዲ ብኸም'ዚ ዝስዕብ ቀሪጻቶ ኣላ፥

ሀ. ሃገራዊ ጸጥታ

ዘቤታዊ ሃገራዊ ጸጥታ፥

ኤርትራ ሉኡላውነታ ዝረኸበት፡ ንኢስላማዊት ዓረባዊት ጀብሃ 1981፡ ንመስፋሕፋሕቲ ኣምሓራ ድማ ኣብ 1991 ብምስዓር እዩ። እዚ ማለት፡ እቲ ዘቤታዊ ጉዳይ ኮይኑ፡ ኣብ ኣርብዓታት ንህዝቢ ኤርትራ ዋጋ ዘኽፍሎ ዝነበረ ዓረባውነትን ኣምሓራውነትን ሕጂ የለን። ሕጂ ዘቤታዊ ጉዳይ ኤርትራ ኮይኑ ዘሎ፡ ጉዳይ ትግራይ እዩ። ምኽንያቱ፡ ናይ ኤርትራ ጂኦግራፍን ሃገራዊ ባህላዊ መንነትን-ትግረዋይ ሃገራዊ መንነት-፡ ካብ ናይ ትግራይ ባህላዊ ሃገራዊ መንነት ክትፈልዮ ስለዘይከኣል እዩ። ስለ'ዚ ኤርትራ ዘቤታዊ ጸጥትኣ ተውሕስ 'ባድመ' ኣካል ኤርትራ ብምግባር ዘይኮነስ፣ ክልል ትግራይ ብምልእታ ኣካል ኤርትራ ብምግባር ጥራይ እዩ። ኤርትራ፡ ንክልል ትግራይ ኣካላ ዝገበረትላ መዓልቲ ድማ፡ እታ እንኮ ዘቤታዊ ርግኣት ዘለወዋ ሃገር ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪካ ክትከውን እያ።

ክልል ትግራይ ብኸመይ እያ፣ ኣካል ኤርትራ-ትግራይ- ትኸውን፧

ክልል ትግራይ ኣካል ኤርትራ ትኸውን ብዘገምታ ኮይኑ፡ ኤርትራን ክልል ትግራይን ብረብሓ ምስ ዝተኣሳሰራ ጥራይ እዩ። ኣብ ታህዋኽ ኲናትን ዕንወትን ጥራይ እዩ ዘሎ፡ ዓወት የለን። ስለ'ዚ ክልል ትግራይ ኣካል ኤርትራ-ትግራይ- ንምግባር ኲናት ኣየድልን እዩ። ብዓንደ

ርእሱ ውን ክልል ትግራይ ኣብ'ዚ እውን ዘይወግዓዊት ሃገር ኮይና ስለዘላ፡ ካብ ኢትዮጵያ ፈሊኻ ብሰለማዊ መንገዲ ኣካል ኤርትራ–ትግራይ– ክትገብራ ኣዝዩ ዝቐለለ እዩ። ምኽንያቱ፡ ህዝቢ ክልል ትግራይ፡ ኢትዮጵያ ከም ዘይተርብሖን ምስ'ኣ እንተ ተቓሪኑ ኸኣ፡ ኣብ ኲናትን ድኽነትን ከም ዝነብር ኣዝዩ ተረዲኡ ስለዘሎ። ብተወሳኺ ህዝቢ ክልል ትግራይ፡ ካብ ድኽነተን ድሕረትን ዘምልጥ ምስ ሓዉ፡ ህዝቢ ኤርትራ–ትግራይ– ኮይኑ ጥራይ እዩ። ስለ'ዚ ክልል ትግራይ ኣካል ኤርትራ ንምግባር ኣብ ኤርትራ ቀዲምካ መንግስቲ ምህናጽ የድሊ። ቀጺልካ ክልል ትግራይ ብድልየታን ብሕጋውን መንገዲ ኣካል ኤርትራ ክትገብራ ዝቐለለ እዩ።

## ዞባዊ ጸጥታዊ ሽግር ኤርትራ፥

እቲ፡ ናይ ኤርትራ ዘቤታዊ ጸጥታዊ ሽግር ዝነበረ፡ ኣምሓራውነትን ዓረባዊ ኢስላማውነትን፡ ኣብ'ዚ እዋን ዞባዊ ጸጥታዊ ሽግር ኤርትራ ኮይኑ ኣሎ። ኣምሓራውነት ናይ ኤርትራ ጸጥታዊ ሽግር ዝኸውን ክልል ትግራይ ሒዙ እዩ፣ ኢስላማዊ ዓረባውነት ድማ ሃገራት ኣስላም ሒዙ እዩ፣ ናይ ኤርትራ ናይ ጸጥታ ሽግር ክኸውን ዝፍትን። ስለ'ዚ ኤርትራ ዞባዊ ስግኣታ ትቕንሰሉ መንገዲ፡ ክልል ትግራይ ኣካል ኤርትራ ምግባርን ንኢስራኤል ድማ ምስ ኤርትራ ብረብሓ ብምተስሳርን ጥራይ እዩ።

## ሚግረሽን

ናይ ሚግረሽን ፖሊሲ ማሕበር-7 ንቁጠባ፡ ጸጥታ፡ ኣይሁዳዊ ክርስቲያናዊ ክብሪታትን ምብዛሕን ኣብ ግምት ዘተወ እዩ። ምኽንያቱ ባህላዊ ክብሪታትና ከይዓቀብካ፡ ከይበዛሕካን ቁጠባካን ጸጥታካን ከተውሕስ ስለዘይካኣል።

## ዜግነት

ኣብ ኤርትራ መንግስቲ ከይተሃንጸ ዝኾነ ይኹን ውልቀ'ሰብ ወይ ጉጅለ ዜግነት ኣይክረክብን እዩ። ኣብ ኤርትራ፡ መንግስቲ ድሕሪ ምህናጹ ግን ማሕበር-7 ብኸም'ዚ ዝስዕብ ዜግነት ክዕድል እዩ፥

- ☐ ኢትዮጵያዊ ትግረዋይ፡ ኣብ ሸውዓተ ወርሒ ናይ ኤርትራ ዜግነት ክረክብ እዩ።
- ☐ካልእ ዝኾነ ይኹን ናይ ወጻኢ ዜጋ፡ ናይ ኤርትራ ዜግነት ክረክብ እንተኮይኑ፡ እዞም ዝስዕቡ ረቛሒታት ክማእ ኣለዎ፥
    - ➢ቋንቋ ትግርኛ ክመልኽ ኣለዎ።
    - ➢ናይ ኤርትራ ስርዓት-ሕጊ እንዳ'ባ- ብዝግባእ ክነብሮ ኣለዎ።
    - ➢ኣብ ኤርትራ ድማ ብውሕዱ ሸውዓተ ዓመት ክቕመጥ ኣለዎ።

## ለ. ዕዳጋ

ናይ ኤርትራ ዘቤታዊ ዕዳጋ እዝዩ ንእሽቶ ምኽኑ ብሩህ እዩ። ስለ'ዚ ኤርትራ ቁጠብኣ ክዓቢ እንተ ኮይኑ፡ ኣፍርያ ትሸጠሉ ዕዳጋ የድሊያ ማለት እዩ። እቲ ዝዓበየ ናይ ዓለምና ዕዳጋ ድማ ኣብ ሰምየን ኣመርካ፡ ምዕራብ ኤውሮጳን ምብራቕ ኤስያን እዩ፣ ዘሎ። ስለዝኾነ ማሕበር-7፡ ኤርትራ ኣብ'ቲ ዝዓበየ ዕዳጋ ፍርያታ ክትሸይጥን፡ ካብ'ኡ ድማ ዘድልያ ክትሸምትን ዕድል ክትረኽብ ክሰርሕ እያ።

## ሐ. ምድረ'በዳነት

ኤርትራ ትርከበሉ ዞባ-ትሕተ ሳሃራ- ኣዝዩ ንምድረ'በዳነት ዝተቃልዐ ስለዝኾነ፣ ምድረ'በዳነት ንምክልኻል ማሕበር-7 ምስ ዞባውያውንን ኣህጉራውያንን ትካላትን መንግስታትን ክትሰርሕ እያ።

## ለውጢ፡ ኣብ ኤርትራ ብኸመይ ይመጽእ፧

ቅድሚ ኣብ ኤርትራ ለውጢ ብኸመይ ይመጽእ፧ ዝብል ሕቶ ምምላስና። ኣብ ኤርትራ ስለምንታይ ክሳብ ሕጂ ለውጢ ክመጽእ ዘይከኣለ፧ ዝብል ሕቶ ክንምልስ ኣገዳሲ እዩ። ኤርትራ ከም ሃገረ-መግስቲ ክሳብ ሕጂ መንግስቲ ክትሃንጽ ኣይከኣለትን። መንግስቲ ክትሃንጸሉ ዘይከኣለት ምኽንያት ኣብ ኤርትራ፡ ብሓፈሻ ኣብ ምድረ ሓበሻ፡ ሓሙሽተ ጽቡቕ ገይሮም ዘይተሰዓዓሩ ስርዓታት፡ ስርዓት ሕጊ-እንዳ'ባ፡ ፌዳራልያዊ ስርዓት፡ ፋሽሽታዊ ስርዓት፡ ኢስላማዊ ዓረባዊ ስርዓትን ኣምሓራዊ ምልካዊ ስርዓትን ስለዘለዉ እዮም። እቶም ኢስላማዊ ዓረባዊ ስርዓትን ኣምሓራዊ ምልካዊ ስርዓትን ዝተሳዕሩ ክመስሉ ይኽእሉ እዮም። እንተ'ኾነ ግን ምስ ፋሽሽታዊ ስርዓት ግንባር እንዳ ፈጠሩ ኣብ ኤርትራ ለውጢ ንኸይመጽእ ከተዓናቅፉ ኪኢሎም እዮም። ኣብ ኤርትራ ዘላቒ ለውጢ ክመጽእ ዝኽእል እምበኣር፤ ኣብ ስርዓት ሕጊ-እንዳ'ባ፡ ባይትኣዊ ዲሞክራስያዊ ስርዓት፡ ሰረት ዝገበረ መንግስቲ ክህነጽ እንተ ኺኢሉ ጥራይ እዩ።

ኣብ ስርዓት ሕጊ-እንዳ'ባ ስረት ዝገበረ መግስቲ ከይንሃንጽ ቀንዲ ዝዕንቅፈና ዘሎ፡ ብኣሸባሪ ጉጅለ ህ.ግ.ደ.ፍ ክህነጽ ዝድለ ዘሎ ፋሽሽታዊ ስርዓት እዩ። ኣብ ኤርትራ ብኣሸባሪ ጉጅለ ህ.ግ.ደ.ፍ ክህነጽ ዝፍተን ዘሎ ፋሽሽታዊ ስርዓት፡ ኣብ 2% ካብ ህዝቢ ኤርትራ ዝኾኑ ጵሩያት ኤርትራዊያን ሰረት ዝገበረ እዩ። ልክዕ ከም'ቲ ኣብ ጀርመን ዝነበረ፡ ኣብ ጵሩያት ዓሌት ኣርያን "pure aryan race"

ሰረት ዝገበረ ፋሽሽታዊ ስርዓት ማለት እዩ። እዞም 'ጵሩያት ኤርትራውያን' ነቲ ዓጋመ ዝብልዎ፡ 98% ካብ ህዝቢ ኤርትራ ዝኾነ ጭዋ ሕብረተ-ሰብ፡ እንዳ ኣሸበሩን ኣርዓዱን፡ ከም'ኡ ውን ባርያ ብምግባር እዮም፣ ከቢሮም ክነብሩ ዝደልዩ።

እሞ እዞም 2% ካብ ህዝቢ ኤርትራ ዘይኮኑ፡ 'ጵሩያት ኤርትራውያን'፡ ዝጠፍእሉ መንገዲ ተወዲብካ ብጎነጽ ጥራይ እዩ። ውዳቤ ግን ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ክኸውን ስለዘይከኣል፤ ኣብ ዲያስፖራ ዘሎ ጭዋ ኤርትራዊ-ዓጋመ- ኩሉ ዓቕምታቱ ወዲቡ ዓዲ ክኣቱ ክዳሎ ይግባእ። እቶም ኣብ ውሽጢ ዓዲ ዘለዉ 'ጵሩያት ኤርትራውያን' ዝጠፍኡ መጀመርያ እዞም ኣብ ዲያስፖራ ዘለዉ ምስ ዝጠፍኡ እዩ። እቲ ሕቶ 2% ዶ ይንበሩ፣ ወይስ 98% ይንበሩ፧ እዩ።

ብሕጽር ዝበለ ኣገላልጻ፡ ማሕበር-7 ኣብ ኤርትራ ለውጢ ብጎነጽ'ዩ ዝመጽእ ኢላ እያ ትኣምን። ለውጢ ዘምጽእ ድማ ዝተወደበ ሓይሊ እዩ። ክውደብ ዓቕምን ተኽእሎን ዘለዎ ድማ ኣብ ዲያስፖራ ዝነብር ጭዋ ህዝቢ ኤርትራ-ዓጋመ- እዩ።

# ምንጪ


Emnetu Tesfay, 2015 *Biography of Kidane Kiflu* <http://emnetu.com/2016%20update/Biography%20of%20kidane%20kiflu.pdf> page 27

Emnetu Tesfay፡ 2017 Biography of Tukue Yehdego

International Energy Agency, (2015) *World energy outlook 2015* Available at <https://iea.blob.core.windows.net/assets/5a314029-69c2-42a9-98ac-d1c5deeb59b3/WEO2015.pdf> (access 2022-03-13)

IFAD, (2022) *Eritrea* Available at <https://www.ifad.org/en/web/operations/w/country/eritrea> (access 26-03-2022)

IMF, (2022) *General government gross debt* available at <https://www.imf.org/external/datamapper/GGXWDG_NGDP@WEO/ERI?year=2022> (reached 21-01.2022)

Global Forest Watch, (2022) *Tree cover loss in Eritrea* Available at <https://www.globalforestwatch.org/map/> (access 26-03-2022)

Longrigg, Stephen. H. (1945): A short history of Eritrea. Oxford: Clarendon press

Maddrell, Simon R., *Sand Dams: A Practical & Technical Manual*. Excellent Development. June 2018. ISBN: 978-1-9997263-0-0

Tekeste Negash, (1997.p-44): *Eritrea and Ethiopian federal experience:* ISBN 91-7106-406-0

The government of state of Eritrea, (1994) *Macro Policy* <https://www.eritreadigest.com/wp-content/uploads/2018/03/Eritrea-macro-policy.pdf> page 34-35

The world Bank, (2011) *Eritrea Total population*: Available at <https://data.worldbank.org/indicator/SP.POP.TOTL> (accessed 07-10-2021)

The World Bank, (2022) *Rural population (% of total population)- Eritrea* Available at <https://data.worldbank.org/indicator/SP.RUR.TOTL.ZS?end=2011&locations=ER&start=2011&view=map> (access 2022-03- 08)

The world bank group, (2022) *Individuals using the internet (% of population)- Eritrea* Available at <https://data.worldbank.org/indicator/IT.NET.USER.ZS?locations=ER> ( access 2022-03-20)

Tom Killion, 1998 *Historical Dictionary of Eritrea* p-433

UN declaration on the rights of indigenous peoples. (2008) *UN declaration on the rights of indigenous peoples* (article 3, 25&26)<https://www.un.org/esa/socdev/unpfii/documents/DRIPS_en.pdf> (accessed 25-05-2021)

World Integrated trade solution, (2022) <https://wits.worldbank.org/> (access 2022-03-21)

ተክኤ በየነ፡ 2009 ካብ ሪቕ-ሕፍንቲ ገጽ-3